# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.82 | ዓርቢ 5 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኲናት ዩክሬን ደው ንምባል ዘካየድ ዘሎ ጻዕርታት . . .





ገጽ 5
ወራርቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን





ገጽ 8
ብመጽሓፍ "ደናን በስክዲራን" ተደቢስና፡ ሓዘንና'ውን ዓጺና!





ገጽ 11
ኣጠቓቕማ ሞባይል ብተመሃሮ ናበይ ገጹ'ዩ?




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ወረቐት ስራሕ 12 ኣምባሳደራት ተቐቢሉ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ትማሊ 4 ታሕሳስ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ፡ ወረቐት ስራሕ 12 ኣምባሳደራት ተቐቢሉ።

ኣብ'ቲ ኣብ መቐበሊ ኢጋይሽ ደንደን ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ወረቐት ስራሖም ዘረከቡ፡ ኣምባሳደር ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ሚሽዓል ቢን ሓምዳን ኣልሮቂ፡ ኣምባሳደር ረፑብሊክ ኢጣልያ ሚስተር ኣልፎንሶ ዲ ረሱ፡ ኣምባሳደር ፌደረሽን ሩስያ ሚስተር ኣሌግ ፔትሬንኮ፡ ኣምባሳደር ረፑብሊክ ሱዳን ኡሳማ ኣሕመድ ዓብዱልባሪ፡ ኣምባሳደር ልኡኽ ሕብረት ኤውሮጳ ሚስስ ጆዋና ዳርማኒ፡ ኣምባሳደር ኣውስትራልያ ዶ/ር ኣሌክስ ካርስቴን፡ ኣምባሳደር ረፑብሊክ ፖላንድ ሚስተር ሚሻል መርኮቺንስኪ፡ ኣምባሳደር ረፑብሊክ ዛምብያ ሚስተር ኣልፍሬድ መሲሙና፡ ኣምባሳደር እስላማዊት ረፑብሊክ ማውሪታንያ ሚስተር ሑሴን ሲዲ ዓብደላ፡ ኣምባሳደር ኮት ዲ'ቭዋር ሚስተር ዶሎ ጉ ኣልበርት፡ ኣምባሳደር ረፑብሊክ ርዋንዳ ሚስተር ኤርነስት ሩዋሙካዩ፡ ከምኡ'ውን ኣምባሳደር ረፑብሊክ ስሪላንካ ሚስተር ኣፑሃሚገ ሰሰራ እዮም።

እቶም ኣምባሳደራት፡ ሰላምታን ሰናይ ምንዮትን መራሕቶም ድሕሪ ምቕራብ፡ ዝምድና ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምድንፋዕ ክሰርሑ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣምባሳደር ስዑዲ-ዓረብ ሚሽዓል ቢን ሓምዳን ኣልሮቂ፡ ኣምባሳደር ረፑብሊክ ኢጣልያ ሚስተር ኣልፎንሶ ዲ ረሱ፡ ኣምባሳደር ረፑብሊክ ሱዳን ኡሳማ ኣሕመድ ዓብዱልባሪን ኣምባሳደር ሕብረት ኤውሮጳ ሚስስ ጆዋና ዳርማኒን ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ሕውነታውን ድልዱልን ዝምድና ምስ ኤርትራ ንምምዕባልን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝ ንምዕዛዝን ዝዘሎ ድሌትን ድልውነትን ሃገራቶም ገሊጾም።

ኣምባሳደር ኣልፎንሶ ዲ ረሶ ብዝወሃቦ፡ ዝምድና ኤርትራን ኢጣልያን ታሪኻውን ጽኑዕን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝያዳ ንምድንፋዑ ከምእተዘራረቡ ኣፍሊጦም።

ኣምባሳደር ኡሳማ ኣሕመድ ዓብዱልባሪ ብወገኑ፡ ሰላምታን ምስጋናን ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልበርሃን ድሕሪ ምብጻሕ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዘጸንሐ ታሪኻዊ ዝምድናታት ብዝበለጸ ንምዕዛዝን ንምስፋሕን ከምዝሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር ሕብረት ኤውሮጳ ሚስስ ጆዋና ዳርማኒ ድማ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ዘተኩረ ዘተ ከምዘካየደት ብምግላጽ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ ከበቢ ብዘለዋ ተራን ተመክሮን ንሕብረት ኤውሮጳ ኣዝዩ ኣገዳሲት ብምዃና፡ ንሰላምን ምርግጋእን ዞባታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ብዝምልከት ምስ ኤርትራ ክሰርሑ ከምዝደልዩ ኣረጋጊጻ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝተረኽቦ ስነ-ስርዓት ወረቐት ስራሖም ዘቕረቡ ኣምባሳደራት፡ እቶም 5 ቀወምቲ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም 7 ድማ ተንቀሳቐስቲ'ዮም።

## ኣፋምቦ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ዘተ ተኻዩዱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ዘተ፡ ምስ መምህራን ኣፋምቦን ዕዲን ኣካዩዱ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር ፍስሃየ ኪዳኑ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ብምርግጋጽ ውጽኢት ተመሃሮ ናብ ልዕሊ 75 ሚእታዊት ንምዕባይ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ መምህራን ወሳኒ እጃም ስለዘለዎም፡ ኣብ ዘሰላስልዎ ንጥፈታት ዕቱባት ክኾኑ፡ ብውጥን ክምርሑን ኑብሮም ናይ ምምዕባል ባህሊ ክህልዎምን ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ተራን ኣበርክቶን መሻርኽቲ ኣካላትን ኮሚተ ቤት-ትምህርትን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ዑስማን ዓብዱልቓድር ብግደኡ፡ ትሑት ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ንምምሕያሽ ኣብ ዝካየድ ጎስጓስ፡ ተራ መምህራን ክዓቢ ብምጽዋዕ፡ ሃማመተኤ ካብኡ ዝሕተት እጃም ከምዝገብር ኣረጋጊጹ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## "ኣብ ምግታእ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዝተረኽበ ገስጋስ ዓቒብና፡ ንዝተረፈና ዓቲብና ንስራሕ"



ዶክተር ኣርኣያ ብርሃ

ኣብ 2024 ብደረጃ ዓለም ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ምስ 'ኤች. ኣይ. ቪ. - ኤይድስ' ናይ ዝነብሩ ሰባት ቁጽሪ ኣስታት 40.8 ሚልዮን ከም ዝበጽሐ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ዝተራእየ ቁጽሪ መልከፍቲ 1.3 ሚልዮን ክኸውን እንከሎ፡ ብቲ ሕማም ናይ ዝሞቱ ግዳያት ቁጽሪ ድማ ኣስታት 630 ሽሕ ከም ዝበጽሐ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት። ቀንዲ




ዶክተር ሜሪ ስቴፈን

ግዳያት ናይዚ ሕማም እቶም ኣፍራይቲ መንእሰያት ምዃኖም'ዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ። ኣብ ሃገርና'ውን ወላ'ኳ ምስ ካልኦት ሃገራት ብምዝማድ ትሑት እንተኾነ፡ እቲ ሕማም ካብ ዘኸትሎ ንደሓር ኣውሪድዎ ዘሎ ፅንወት ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኮነን። ህይወት ብዙሓት ወለዶታት ከውሕሱ ዝኽእሉ መንእሰያት ቀጻዩ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ እቲ ሕማም ዘውርዶ ፅንወት ብቐልጢፍ ተገንዚቡ፡ ብመንገዲ ሚኒስትሪ ጥዕናን ካልኦት መሻርኽትን ቁጽሪ ግዳያት ናብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራዱ ሓያሎ መደባት ሰሪዑ ልዑል ጻዕሪ የካይድ ኣሎ።

'ኤች. ኣይ. ቪ. - ኤይድስ' እንታይ እዩ?

ኤይድስ - 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ብዝተባህለ ብዓይኒ ብዘይርአ ቫይረስ ዝመጽእ ሕማም እዩ። ብፍትው ጾታዊ ርክብ፡ ብጥበእ ዘይመኸኑ በሊሕቲ መሳርሒታት ብምጥቃም፡ ካብ ኣደ ናብ ዕሸል (ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ሕርሲ ከምኡ'ውን ብጸባ ጡብ)፡ ዘይውሑስ ዝተለገሰ ደምን ብኻልኦት ኣገባባትን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ። እዚ ቫይረስዚ ሓንሳብ ኣብ ሰብነት ምስ ኣተወ፡ ንስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ብምድኻም፡ ዓቕሚ ተጻዋርነት ሰብነትና ንኻልኦት ሕማማት ከም ዝቃላዕ ዝገብር ሕማም እዩ።

ሎሚ ዓመት፡ 1 ታሕሳስ መዓልቲ 'ኤይድስ'፡ "ኣብ ምግታእ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዝተረኽበ ገስጋስ ዓቒብና፡ ንዝተረፈና ዓቲብና ንስራሕ" ብዝብል ቴማ እዩ ብደረጃ ሃገር ንመበል 33 ግዜኡ ተዘኪሩ። ኣብቲ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዳይረክተር ጨንሬር ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዶክተር ኣርኣያ ብርሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ኤርትራ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት፡ ካብ 15 ክሳብ 54 ኣብ ዝዕድመኦም ዝተራእየ መጠን መልከፍቲ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ብ50 ሚእታዊት ብምንካይ ካብ 0.7 ሚእታዊት ናብ 0.35 ሚእታዊት ከም ዝነከየ፣ ብዘይካዚ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ዜጋታት ናብ መመርመሪ ማእከላት መጺኦም ኩነታቶም ክፈልጡ እንከለው፡ ዳርጋ ኩለን ነፍሰጾራት ስሩዕ መርመራ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' እናወሰዳ መልከፍቲ ዝተረኽበን ዘድሊ ፍወሳ እናረኸባ፡ ካብ ኣደ ናብ ዕሸል ዝርአ ዝነበረ መልከፍቲ የለን ናብ ዝብሃል ደረጃ ወሪዱ ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

ምስ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዝነብሩ ዜጋታት ጸረ-ቫይረስ መድሃኒት ብናጻ እናወሰዱ፡ ኣስታት 95 ሚእታዊት ካብኦም ግዳያት፡ ብዝሒ ናይቲ ቫይረስ ኣብ ደሞም፡ ኣብ ላቦራቶሪ ክልለዩ ናብ ዘይክእል ደረጃ (undetectable level) ወሪዱ ብምህላዉ፡ ኣብ ጥዕንኦም ይኹን ኣብ ምትሕልላፍ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዘይጸሓቕ ኣበርክቶ ገይሩ ምህላዉ ዶክተር ኣርኣያ ብርሃ ብተወሳኺ ገሊጹ።

ኤርትራ ሃገርና 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኣብ ምቁጽጻር ተራእዩ ዘሎ ገስጋስ፡ ወጽኢት ናይቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙሽተ ዓመት እትሕንጸጾ ስትራተጂካዊ ውጥን፡ ብመራሕነት ሚኒስትሪ ጥዕናን ኩለን መሻርኽቲ ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ኣህጉራውያን ትካላትን ከምኡ'ውን ህዝቢ ብዕቱብ ይዋስኣሉ



ዘተ ማሕበር ሓካይም

ብምህላዉ እዩ። ገለ ንምጥቃስ፦

- ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ኣብ ምትሕልላፍን ምክልኻልን 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ስለ ዝዓበየ፡
- መርመራ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ናብቲ ርሑቕ ከባቢታት ክይተረፈ ስለ ዝተዘርግሐን ሰባት ብናጻ ኣብ ዝደለይዎ እዋን ክምርመሩ ስለ ዝኽእሉ፡
- ካብ 'ኤች. ኣይ. ቪ.'፡ ቫይረሳት ነድሪ ጸላም ከብዲ ብፍላይ ሄፓታይተስ 'ቢ'ን 'ሲ'ን ከምኡ'ውን ፍንጣጣ ተመርሚሩ ናጻ ዝኾነን ውሑስነቱ ዝተኣማመነን ደም ስለ ዝተቐረበ፡
- ብወሲብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ብኣግኡ ተለልዮም ኣብ ዝኾነ ትካል ጥዕና ክፍወሱ ብምኽኣሎም፡
- ብቐዓቱ ዝተረጋገጸ ኮንዶም ብናጻን ብርትዓዊ ክፍሊትን ኣብ ኩሉ



ከባቢታት ሃገርና ስለ ዝዘርግሐን፡

- ኩለን ነፍሰጾራት ብስሩዕ መርመራ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ከም ዝገብራን፡ መልከፍቲ ዝተረኽበን ብኣግኡ ጸረ-ቫይረስ መድሃኒት ስለ ዝወሰዳን፡ ጥዕንአን ኣውሒሰን 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ናብ ዕሸል ከይመሓላለፍ ስለ ዝሓለዋ፡
- 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ካብ ዘለወን ኣዴታት ዝውለዱ ህጻናት፡ ውላድ ምስ በሉ መከላኸሊ መድሃኒት ክወስዱ ስለ ዝተገብረ፡
- ብ'ኤች. ኣይ. ቪ.' ዝተለኽፉ ዜጋታት ፍቑዲ 'ሲዲ4' ይኹን ጥዕናዊ ኩነታቶም ብዘየገድስ ጸረ ቫይረስ መድሃኒት ከም ዝጅምሩ፡ መድሃኒቶም ብስሩዕ ኣኽታቲሎም ብምውሳድ ብዝሒ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ቫይረስ ኣብ ደሞም ክልለየሉ ናብ ዘይክል ደረጃ ክወርድ ብምኽኣሉ፡
- ቅድመ-ምቅላዕ (pre-exposure prophylaxis) ይኹን ድሕረ-ምቅላዕ (post-exposure prophylaxis) ጸረ ቫይረስ መድሃኒት ከም ኣድላይነቱ ኣብ መዓላ ብምውዓሉን እዩ እቲ ዓወት ክጭበጥ ተኻኢሉ ዘሎ።

ኣብ መወዳእታ በቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታት ከይተዘናጋዕና ንምዕቃቡን ነቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ንምጥፍኡን ኩሉ ዜጋ ኣበርክቶ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ዶክተር ኣርኣያ ብርሃ ኣስሚሩሉ።

ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚን ቁጽሪ 'ሲዲ4' ዋህዮታትን

ጸርታ 'ኤች. ኣይ. ቪ. - ኤይድስ' ብብቕዓት 'ሲዲ4' ኣብ ደም ከም ዝምርኮስ እዩም ተመራመርቲ ዝሕብሩ።

ቁጽሪ ወይ ዓቐን ዋህዮታት 'ሲዲ4'፡ ኣብ ሓደ ኩቦ ሚሊሜተር ደም ብዘሎ ብዝሒ ዋህዮታት እዩ ዝልካዕ። እዚ እቲ ኣገዳሲ ዝተሓተ ናይ ደም ቅምሶ እዩ። በዚ መንጽር ድማ ኣብ መላእ ኣካላትና ዘሎ ዓቐን ወይ ቁጽሪ ዋህዮታት 'ሲዲ4' ክግመት ይከኣል። ዝለዓለ ቁጽሪ 'ሲዲ4' ምህላው ድማ ዝሓየለ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የመልክት።

- ብሕማም 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ዘይተለኽፈ ሰብ ካብ 500 ክሳብ 1500 ቁጽሪ 'ሲዲ4' ይህልዎ።
- ምስ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ዝነብሩ ሰባት ልዕሊ 500 ቁጽሪ 'ሲዲ4' ምስ ዝህልዎም ኣብ ደሓን ደረጃ ጥዕና ይህልዉ።
- ምስ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' እናነብሩ ትሕቲ 200 ቁጽሪ 'ሲዲ4' ምስ ዝህልዎም፡ ብዝተፈላለዩ ከበድቲ ሕማማት ክጥቀዑ ዝለዎም ተኽእሎ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። በዚ እዩ ድማ ምስ 'ኤች. ኣይ.ቪ.' ዝነብሩ ሰባት ኣብ ኣካሎም ዘሎ ቁጽሪ 'ሲዲ4' ንምህላብታም ብጥበእ ሕክምና ክነብሩ ብተደጋጋሚ ጻውዒት ዝግበር።

'ኤች ኣይ ቪ ምስ ዝሀልወካ እሞ ድማ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዘይትገብር ቁጽሪ 'ሲዲ4' ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናንደለ ስለ ዝኸይድ ኣብ ሓጺር ግዜ ክትንሸም ትኽእል። ዝተሓተ ቁጽሪ 'ሲዲ4' ምህላው ዝተሓተ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ምውናን ስለ ዝኾነ ንሕማም ዝተቓልዕካ ትኾውን።

ኣብቲ ኣብ ኣዳራሽ ሆስፒታል ኦሮታ ዝተኻየደ ስነ ስርዓት፡ ወከል ውድብ ጥዕና ዓለም ዶክተር ሜሪ ስቴፈን ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ካብ 2010 ንደሓር፡ ኣብ ኣፍሪቃ ሓደስቲ መልከፍቲ 'ኤች.ኣይ.ቪ.'ን ብሕማም ኤይድስ ናይ ዝሞቱ ሞትን መጠን ብፍርቂ ከም ዝነከየ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብታ ኣህጉር ምስ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ዝነብሩ ኣስታት 21.7 ሚልዮን ግዳያት ስሩዕ ጸረ-ቫይረስ መድሃኒት ይረኽቡ ከም ዘለዉ ኣፍሊጣ። ኤርትራ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ንምቁጽጻር ተራእዩ ዘሎ ገስጋስ ብቑዓትን ዝጥቀስ ኣብነት ምዃኑ ድማ ዶክተር ሜሪ ስቴፈን ኣስሚራትሉ።

ወኪሊ ማሕበር ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ማለት 'ዩኒሴፍ' ሚስተር ዓብዱላሂ መሓመድ ዩሱፍ ብወገኑ፡ ብደረጃ ዓለም ምስ 'ኤች. ኣይ.ቪ.' ናይ ዝነብሩ ዘለዉ ህጻናት ቁጽሪ 1.4 ሚልዮን ከም ዝበጽሕን መብዛሕትኦም'ውን ቅልጡፍ ዝኾነ መርመራን ፍወሳን ስለዘን ምርካቦም ንዝኸኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ከም ዝቃልዑን ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ኩለን ነፍሰጾራት ዝግበር መርመራ 'ኤች. ኣይ.ቪ.'፡ ዕሸላት ካብቲ ሕማም ናጻ ኮይኖም ክውለዱ ናይ ዘሎ ተኽእሎ ዝለዓለ ምዃኑ ሞጊሱ። ኣብ ነፍሰጾር ዝርአ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ኣብ 2005 ካብ ዝነበረ 2.5 ሚእታዊት፡ ኣብ 2024 ናብ 0.13 ሚእታዊት ምውራዱ ናይዚ መርኣያ ምዃኑ ኣጺሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊት ኣሃዱ ምቁጽጻር 'ኤች.ኣይ.ቪ.'ን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ሰስተር ንግስቲ ተስፋሚካኤል ድማ፡ ንመጠን ዝርግሐ 'ኤች. ኣይ.ቪ. - ኤይድስ' ኣብ ሃገርና ንምክልኻሉ ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲታትን ገስጋሱን ብዝምልከት ኣብ ዘቕረበቶ መግለጺ፡ ብሓፈሻኡ ዝርግሐ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ኣብ ሃገርና ናብ 0.31 ሚእታዊት ወሪዱ ከም ዘሎ ብምምልካት፡ ክሳብ ምሉእ ብምሉእ ዝጠፍእ ክንዮ ከም ዘይብልና ኣብሪሃ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ሓካይም ኤርትራ፡ ኣብ ኣድላይነት መርመራ 'ኤች. ኣይ.ቪ.'፣ ኣብ ምክትታልን ብስሩዕ ምውሳድን ጸረ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' መድሃኒትን ዘሎ ኣረኣእያ፣ ምስ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' ምትእስሳር ዘለዎም ዝተፈላለዩ ሕማማት፣ ኣብ ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ክግበሩ ዘለዎም ጥንቃቐታት፣ ረብሓታት ምክትታል ጸረ 'ኤች.ኣይ.ቪ.' መድሃኒት ከምኡ'ውን ምስ ምቁራጽ እቲ መድሃኒት ክፍጠር ዝኽእል ሳዕቤናትን ኣብ ዝብሉ ኣርእስትታት ሓበራዊ ዘተ ኣካይዶም።

ኣብ መወዳእታ ወለንታውያን ኣባላት ማሕበር ብደሆ፡ ብዛዕባ'ቲ ሕማም ዘለዎም ውልቃዊ ተመክሮን ቃል ምስክርነት ሂቦም።


### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ክዕወት ድዩ?



ራብዓይ ዓመቱ ኣቑጺሩ ዘሎ ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል፡ ብፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝተማእከለ ዘተ ሰላም ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ክፍለ ሃገር ፍሎሪዳ - ኣመሪካ ከም ዝተኻየደ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን እየን። ኣብቲ ወጽኢታዊ ምንባሩ ዝተነግረሉ ዝርርብ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርክ ሩብዮ፡ ምስ ሓድሽ ዋና ተዛታይ ኩናት ዩክሬን ኮይኑ ዝተመዘዘ ጸሓፊ ቤት ምኽሪ ሃገራዊ ድሕነት ዩክሬን ዝኾነ ሩስተም ኡመሮቭን ልኡኽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ስቲፍ ዊትኮፍን ተሳቲፎም ነይሮም። ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ እዞም ልኡኻት፡ ኩናት ዩክሬን ብሰላም ንኽውቃዕ ባይታ ከጣጥሕ ኣብ ዝኽእል መንገዲ እዮም ተዘራሪቦም። በዚ ኩኑ እቲ ዝተኻየደ ዝርርብ፡ እቲ ኩናት ብዙሕ ክዕርፍ ድሌት ኣብ ዘለዎም ሓያለ ወገናት ዓቢ ተስፋ ከሕድር እዩ ተራእዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ብኣመሪካ ዝተዳለወ 28 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም፡ ልሒኹ ከም ዝወጸ ዝዝከር እዩ። ብመሰረት እቲ ልሒኹ ዝወጸ እማመ ሰላም፡ ዩክሬን ናብ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ናይ ምጽንባር ድሌታ ደው ከተብሎ፡ ምብራቓዊ ክፋል ዞባ ዶንባስ ምሉእ ብምሉእ ንሩስያ ክትሕድጎ፡ ከምኡ ድማ ጠቕላላ ቁጽሪ ወተሃደራታ ድማ ናብ 600 ሽሕ ከተውርዶ ዝብሉ ነጥብታት ዘጠቓለለ እዩ።

እንተኾነ እቲ ዝወጸ እማመ ሰላም ብኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾና ሃገራትን ዩክሬንን ተቓውሞ ከጋጥሞ እዩ ተራእዩ። በዚ ከኣ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ዩክሬንን ኣመሪካን ድሕሪ ዘካየድዎ ናይ ክልተ መዓልቲ ዝርርብ፡ ካልእ 19 ነጥብታት ዝሓዘ ዝተመሓየሸ እማም ሰላም ተኣዊፉ ኣሎ። እዚ ሕጂ ተመሓይሹ ወጺኡ ዘሎ እማም ሰላም፡ ዛጊት ሓዚዎ ዘሎ ነጥብታት እኳ ብወግዒ እንተ ዘይተገልጸ፡ ብወገን ዩክሬን ግን ተቐባልነት ረኺቡ ኣሎ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብወገኑ፡ እቲ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ጽቡቕ ኹናት የርኢ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ክልተአን ሃገራት ኣብ ስምምዕ ምቕራጽ ተኸኣሊ ንክኸውን ዝክእለን ጽቡቕ ዕድል ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ድሕሪቲ ዕወት ተባሂሉ ዝተገልጸ ዝርርብ፡ ልኡኽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ስቲፍ ዊትኮፍ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ናብ ሞስኮ ብምኻድ ምስ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን ተዘራሪቡ። እንተኾነ፡ እቲ ርኹብ ወጽኢታዊ ከም ዘይነበረን፡ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን ኣብቲ ንኻልኣይ ግዜኡ ተመሓይሹ ዝቐረበ እማመ ሰላም ምሉእ ብምሉእ ከም ዘይተሰማምዐን እዩ ዝገለጽ ዘሎ። ዩክሬንን ቀንዲ መሻርኽታ ዝኾና ሃገራት ኤውሮጳን፡ ኑቲ ኣቐዲሙ ዝቐረበ 28 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም ምምሕያሽ ክግበረሉ ክጽውዓ ጸኒሐን እየን። በዚ ኩኑ፡ እዚ ቀዳማይ ሰሙናት ዝተዳለወ እማመ ሰላም፡ ሓያሎ ምምሕያሻት ተገይሩሉ ቀሪቡ ምህላዉ እዩ ዝሕበር ዘሎ። እንተኾነ፡ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ዩክሬንን ኣብቲ ብኣመሪካ ተዳልዩ ዝቐረበ እማመ ሰላም ዝገበራኦ ለውጢ ግቡእ ከም ዘይኮነ ብምሕባር፡ ገለ ክፋል ናይቲ እማመ ሰላም ብወገን ሃገሩ ፍጹም ተቐባልነት ከም ዘይብሉ ኣገዲሩ።

ይኹን'ምበር፡ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን፡ ንገለ ነጥብታት ካብቲ ተመሓይሹ ቀሪቡ ዘሎ እማመ ተቐቢልዎ እዩ። ፕረዚደንት ፑቲን ኣብቲ ምስ ፍሉይ ልኡኽ ፕረዚደንት ትራምፕ ዘካየዶ ዝርርብ፡ ኩናት ዩክሬን ንኸውቃዕ ዝወሰዶ ግዜ ይወስድ ምስ ኣመሪካ ክሰርሕ ድሉው ከም ዘሎ እዩ ኣረጋጊጹ። ድሕሪቲ ን5 ሰዓታት ዝቐጸለ ዝርርብ፡ ክረምሊን ንገለ ነጥብታት ከም ዝተሰማምዓሉ፡ ንገለ ነጥብታት ግን ከም ዝጸቐ ላዕለዋይ ተሓጋጋዚ ፕረዚደንት ፑቲን ዩሪ ኡሻኮቭ ብወግዒ ገሊጹ። ንሱ ወሲኹ፡ ኩናት ዩክሬን ብዘላቕነት ደው ንምባል ዝተኻየደ ዝርርብ ሃናጺ ምንባሩ'ኳ እንተ ጠቐሰ፡ ዛጊት ኣብ ሓደ መዕለቢ ከም ዘይተበጽሐን ብድሕሪ ሕጂ'ውን ብዙሕ ስራሕ ከም ዘድልን ኣረዲኡ።

ዝሓለፈ ሰሉስ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ፡ ኤውሮጳ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ንኩናት ዩክሬን ዝምልከት ዘተ ሰላም ትሳተፍ ከም ዘይተደልየ ኣፍሊጡ። ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣብቲ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ዝካየድ ዘሎ ደማዊ ውግእ ጸግዒ ዩክሬን ብምሓዝ፡ ናብታ ሃገር ዘይተኣደነ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ክልእካ ጸኒሐን እየን። በዚ ኩኑ፡ እተን ሃገራት ንዩክሬን ብምድጋፍ፡ እዚ ብኣመሪካ ዝተዳለወ እማመታት ሰላም "ንረቡሓ ሩስያ ጥራሕ ዝገልግል እዩ" ብምባል ክጽግኦ እየን ተሰሚዐን። ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣመሪካ ንዘውጽኣቶ ዞባታት ሉሃንስክን ዶኔትስክን ኣካል ሩስያ ምዃነን ኣፍልጦ ናይ ምሃብ መደብ ብትሪ ተቓዊመንኦ እየን። በዚ ኩኑ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኩናት ዩክሬን ብሰላም ንኸይዕረፍ ደይ መደይ ኣለን ዓንቃፊ ጻዕርታት የካይዳ ምህላወን ወቒሱ። ንሱ ወሲኹ፡ እተን ሃገራት፡ ኣብቲ ተዳልዩ ዘሎ እማመ ሰላም፡ ብወገን ሩስያ ፍጹም ተቐባልነት ዘይብሉ ነጥብታት ከም ዝጠቓለል ብምግባር፡ ኑቲ ዝርርብ ሰላም የምክናኦ ከም ዘለዋ ከሲሱ። ቀንዲ መሓዙት ዩክሬን ዝኾና ሃገራት ኤውሮጳ ዘቕርብኦ ዘለዋ እማመ ሰላም ብሩስያ ተቐባልነት ከም ዘይብሉ፡ እኳ ደኣ ኣብ መንጎ ድሌታት እዘን ሃገራትን ሩስያን ገፊሕ ፍልልይ ከም ዘሎ እዮም ብዙሓት ወገናት ዝሕብሩ ዘለው። ፕረዚደንት ፑቲን ኣቐዲሙ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምስ ኤውሮጳ ኣብ ኩናት ክትኣቱ ሃገሩ ድሌት ከም ዘይብላ፡ ኤውሮጳ ናብ ውግእ ክትኣቱ እንተ ደልያ ግን፡ ሃገሩ ብኹሉ መዳይ ድልውቲ ምህላዋ ምጥንቃቑ ዝዝከር እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓላፊት ሕብረት ኤውሮጳ ኡርሱላ ቮንደር ሊየን፡ ካብ ዝመጽእ ሕዳር 2027 ሕብረት ኤውሮጳ ንኹሉ እታው ባህርያዊ ጋዝ ሩስያ ደው ንምባል ኣብ ግዚያዊ ስምምዕ ከም ዝበጽሐ ኣፍሊጣ ኣላ። ንሳ ወሲኻ፡ ኤውሮጳ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ጽግዕተኛነት ባህርያዊ ጋዝ ሩስያ ከም ዝረሓቐት ገሊጻ። እንተኾነ፡ ሓያሎ ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት፡ ኤውሮጳ ካብ ጽግዕተኛነት ባህርያዊ ጋዝ ሩስያ ርሒቓ ብቐሊሉ ኑብሳ ከም ዘይትኽእል ይገልጹ ኣለው። ሃገራዊ ትካል ጸዓት ሩስያ ዝኾነ 'ጋዝፕሮም'፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ካብ'ቶም ባህርያዊ ጋዝ ብዝበዝሒ ናብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዘቕርቡ ትካላት ምንባሩ ይዝከር። እዚ ዓርሞሸሻዊ ትካል ጸዓት፡ ናብ 25 ሃገራት ኤውሮጳ እዩ ባህርያዊ ጋዝ ክልእኽ ጸኒሑ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራሕ፡ ጋዝፕሮም፡ ልዕሊ 31.1 ቢልዮን ሜትሮ ኩብ ጋዝ፡ ብመንገዲ ሻምብቆታት ኑዱዲ ቱርኪ (ተርክስትሪም) ኣቢሉ ናብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ከም ዘለኣኸ ይሕበር።

ብመሰረት ጸብጻብት ቤት ጽሕፈት ፔንታጎን፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣመሪካ ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ተካይዶ ዘላ ሓያል ምኽኣ ዝበለጹቶ ጻዕርታት፡ ጸሓፊ ሰራዊት ኣመሪካ ዳንኤል ድሪስኮል፡ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዩክሬን ኣብቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ክዘራረብ ምኽኣ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ጉዳይ ኣመልኪቶም ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ኔቶ፡ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ኣብ ከተማ ብራሰልስ - ቤልጂዩም ተራኺቦም ክዘራረቡ ምኽኣኖም ተፈሊጡ ኣሎ።

ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ካብ መጀመርያ ጥሪ 2022 ኣትሒዘን ብጠቕላላ ልዕሊ 130 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ጓሪተን ከም ዘለዋ'ዩ ዝግለጽ። ብሓፈሻ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ኣመሪካ እትርከበን ሃገራት ምዕራብ ብድምር ልዕሊ 380 ቢልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ልኢኸን ኣለዋ - ብመሰረት ጸብጻባት።



### ሎሚኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ካብ ሰሁዓት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:04 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ጾር'ታ ዓዲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

## ሪፖርታዥ

# ምብራኽ ኣፍልጦ ውሑስ ቴክኖሎጂያዊ ስርዓት-ሓበሬታ

ዳህላክ ነጋሲ
ስእሊ- ዮውሃንስ መብራህቱ

ብረቡዕ 3 ታሕሳስ፡ ክፍሊ ስታቲስቲክስን ጆግራፍያዊ ስርዓት ሓበሬታን ዞባ ማእከል ምስ ትካል ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ ብምውህሃድ፡ ኣብ ምዕባይ ውሑስነት ቴክኖሎጂ ዘተኩረ ሰሚናር ኣብ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል ኣካይዱ። ኣብቲ ብክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዝተዋህበ ሰሚናር ካብ ዝተፈላለያ ንኡሳን ዞባታት፡ ጨንፈራትን ክፍልታትን ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝተዋጽኡ ኣስታት 400 ሰባት ተሳቲፎም። ዘለናዮ ዘመን ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ንዕለታዊ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ዝጸልዉ ብምዃኑ፡ እቲ ኣስተምህሮ ንኣፍልጦ ተበጺሒ ዘሎ ቴክኖሎጂ ዘሎ፡ ውሑስን ስልጡንን ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂ ዝገልጽ ኣገዳሲን እዋናውን ሓበሬታ ዝሓቘፈ ነይሩ።

ኣብቲ ሰሚናር ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ስታቲስቲክስን ስርዓት-ጆግራፍያዊ ሓበሬታን ዞባ ማእከል ኣቶ ቴድሮስ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብዚ ዓለም ብቴክኖሎጂ እትሕንበበሉ ዘላ ዘመን፡ ዓቕምኻ ዘፍቅዶ ማዕረ'ቲ ግዜ ክትጓዓዝ ዘገድድ መድረኽ ተበጺሑ ከም ዘሎ ምዝኽኻር ዘድልዮ ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ እዚ ከኣ ነቲ ደው ኢሉ ዘይጸብብ መንኮርኮር ምዕባለ ቴክኖሎጂ፡ ብመዓልታት ዘይኮነ ብደቓይቕ ኣብ ዝለዋወጠሉ ሃዋህው ከም ዝርከብ ሓቢሩ። ማእከል ስርዓት ሓበሬታ ዞባ ማእከል፡ ሸሞንተ ናይ ስርዓት ሓበሬታ ፕሮግራማት ብምትእትታው፡ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ንኡሳን ዞባታትን፡ ንቤት-ጽሕፈት ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት (ፓብሊክ ዋታሪን ጨንፈር መሬትን)፡ ንቤት-ጽሕፈት ጨንፈር ህዝባዊ መዝገብ፡ ንቤት-ጽሕፈት ክራይ ኣባይቲ መንግስቲ፡ ንቤት-ጽሕፈት ኣታዊ ግብሪ



ኣቶ ቴድሮስ ተኽለ

ከምኡ'ውን ንተጠቀምቲ ምክፍፋል



ኣቶ ሮቤል ወልደሚካኤል

ሕድርን ካልእን ዝሓቁፍ ዕምምኡ ብንጥፈት ዘካይድ ዓቢ ማእከል ሓበሬታ ከም ዝኾነ ጠቒሱ።

ኣቶ ቴድሮስ ካብዚ ቀጺሉ፡ "ክፍሊ ስታቲስቲክስን ስርዓት-ጆግራፍያዊ ሓበሬታን ዞባ ማእከል ኣብ ዝቐጽል ዓመት፡ ነቲ ኻ ብኔትዎርክ ዘይተኣሳሰረ ጨንፈራት ከም ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ንምጽንባሩ መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ ምምሕዳር ዝርከብ ሰርቨራት'ውን በብየገዘኡ ምስ ዝዓቢ ዘሎ ስርዓት ሓበሬታን ቴክኖሎጂን ንምስፋሑ ኣብርቲዕና ንሰርሕ ኣለና። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዓቕሚ ሰብ ከይዓቢ ዝዕወት ሽቶ ስለ ዘየለ፡ እዚ ክፍሊ ምስ መሻርኽቱ ኣካላት ብምውህሃድ ኣብዚ ዓመት ኣብ ክልተ ዓውድታት ቴክኖሎጂ ስርዓት ሓበሬታ ዘተኩረ ስልጠና ከም ዝወደበ ይዝክር። እዝዮ ሕጂ'ውን ምስ መሻርኽቱ ትካል ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ ብምትሕብባር ኣገዳሲ ሰሚናር ሰሪዑ ደርኪቡ። እዚ ናይ ሎሚ ሰሚናር ብቐንዱ ኣብ ቴክኖሎጂ ስርዓት ሓበሬታ ዘሎ ውሕስነት፡ ስግኣትን ኣጋጣሚ ምክልኻሉን ዘተኩረ እዩ።

ኣብዚ ሰሚናር ካብ ዝለዓሉ ኣርእስትታት ብኸፊል ምስ እንጠቕሶ- ምዕባይ ኣፍልጦ ምዕባለ ቴክኖሎጂን ኣንፈታቱን፡ ኣገዳስነት ድሕነት ሓበሬታ፡ ልሙዳት ሓደጋታትን ተቓላዕነት ምልላይን፡ ዓለምለኻዊ ተቐባልነት ዘለዎ ተጠቀምቲ ስርዓት ሓበሬታ ምትግባር፡ ምስ ውሕስነት ዝተኣሳሰረ ፍጻመታት ምልላይን ምላሽ ንምሃብ ዘኽእል ፍልጠት ምምዕባልን፡ ኣብ ውሽጢ ትካል ናይ ውሕስነት ንቕሓት (ባህሊ) ምኹስኳስን ካልእ ትሕዝቶ ዝተጠቕሱ እዮም። ከንዲ ዝኾኑ



እዚ ኣስተምህሮ ኣገዳስን እዋናውን ከም ምዃኑ መጠን፡ እቶም ብደረጃ ሓላፍነት ኣብ ምምራሕ ትካላት እትነጥፉ ሓለፍቲ፡ ኣብ እትመርሕዎ ትካል ከተተግብርዎ ዝግብኡ ጥንቃቐታትን ኣተሓሕዛን ከምኡ ድማ፡ እቶም ብሞያዊ ክእለት እትዋስኡ ክኢላታት ኑቶም ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታትን ኣጋባብ ምክልኻሎምን ክትፈልጡ ብዝወሳኸ፡ ተሳተፍቲ ናይዚ ኣስተምሮ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ጽፉፍን ውሑስን ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ሓጋዚ ከም ዝኾነ ተገንዚብኩም ብኣተኩሮ ክትከታተልዎ እላቦ" ብምባል ሰፊሕ መግለጺ ብዘዕባ ክፍሊ ስታቲስቲክስን ስርዓት-ጆግራፍያዊ ሓበሬታን ዞባ ማእከል ሂቡ።

ነቲ ሰሚናር ዝመርሐ ኣብ ዓውደ-ሞያ ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ ንሓያሎ ዓመታት ዝጠፈ ኣካያዲ ስራሕ ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ ኣቶ ሮቤል ወልደሚካኤል እዩ ነይሩ። ኣብቲ ኣብ ትሕቲ "ምብራኽ ኣፍልጦ ውሕስነት ቴክኖሎጂ ስርዓት-ሓበሬታ" ዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበ ሰሚናር ብሰፊሑ ካብ ዝተላዕሉ ኣርእስትታት ብኸፊሉ ምስ እንምልከቶ- ዕላማ ናይዚ ሰሚናር ትሕተ-ቅርጺ ቴክኖሎጂ ስርዓት ሓበሬታ ተዋሒሱ እቲ ኹሉ ተገልጋላይ ዝጸበዮ ኣገልግሎት ብዘይ ምቁራጽ መታን ክረክብ ከሉም ሓለፍቲ ኣብ ዝቦኖም ዘሎ ከቢድ ሓላፍነትን ጾርን ዘዚ ከም ዘይኮነ ንምዝኽኻር ዝዓለመ ኮይኑ ከምኡ'ውን ከሉ ኣብል ናይ'ዚ ምምሕዳር ኣፍልጦኡ በሪኹ ኣብ ምክልኻል ዲጂታላውን ፊዚካላውን ጸገታት ናይ'ዚ ምምሕዳር ንጡፍ ተወሳኣይ ዝኾኑሉ ባይታ ንምጥጣሕ እዩ። ካልእ፡ ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ክስዕብ ንዝኽእል ሓደጋታት ብኣጋ ኣለልዮም ክከላኸልዎምን ዝሰዕብ ሓደጋ ምስ ዝህሉ ድማ፡ ከቢድ ዕንወት ከይሰዓብ እንከሎ ንምድራሩ ወይ ንምግታኡ ዝዓለመ እዩ።

ንገለ ዓበይቲ ሓደጋታት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ዝገልጹ ውሑዳት ኣብነታት ኣብቲ ሰሚናር ተጠቒሶም ነይሮም። ንኣብነት፡ ስቱክስነት ኣብ 2010 ዝተፈጸመ ኣዝዩ ዝተራቐቐ ናይ ሳይበር መጥቃዕቲ ኮይኑ፡ ንፕሮግራም ምህብታም ኒዩክለራዊ ጸዓት ኢራን ዒላማ ዝገበረ ነይሩ። ብመገዲ ናይ ኮምፒዩተር ቫይረስ ንኢንዱስትርያዊ ስርዓት ምቁጽጻር ናይ'ቲ መመንጨዊ ጸዓት ንምዕንቃፍ ዝዓለመ ነይሩ። እቲ መጥቃዕቲ ብልምዲ ፍላሽ-ሜሞሪ ተባዚሉ ብዘጸዋዕ መሳርሒ ከም ዝተፈጸመ ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት ዓበይቲ ኣብነታት ብምቕራብ፡ መጥቃዕቲ ሳይበር ከኸትሎ ዝኽእል ዕንወት ብቐሊሉ ከም ዘይግመት ብሰፊሑ ተዘሪቡሉ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ቀዳማይ ሕጂን ኣንፈት መጻኢኡን ካብ DOS ክሳብ ሰብኣሰርሖ ብልሒ (AI) ብሕጽር ዝበለ ተገሊጹ። ስለዚ፡ ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ ኣብ ሓጺር ግዜ ቅልጡፍ ምዕባለ ከም ዘርኣየ ይፍለጥ። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብቲ መዳይ ተኣሳሲሩ ምስ ዝመጸ ምዕባለታት ተተሓሒዙ፡ ንኹሉ ንምቁጽጻር ኩነ ንምክልኻል ከቢድ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ።

ብዝወሳኸ፡ ኣብዚ እዋን ሰብኣሰርሖ ብልሒ (AI) ብተደጋጋሚ ክለዓል ይስማዕ ኣሎ። ዓርሞሽሽ ትካላት በቲ ውጽኢት ቴክኖሎጂ ኩሉ ንጥፈታት ከሳልጥ ይረኣያ ኣለዋ። በዚ ከኣ ኣብ መንጎ ሓያላት ሃገራት ሓያል ምትፍናን ተፈጢሩ ከም ዘሎ ይፍለጥ። እዚ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ ዓመታት ብምህዞ ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂን ካልእ ምዕባለታትን ንቑጠባ ኣህጉርና መን ይመርሖ ግዜ ዝምልሶ ክኸውን እዩ። ኣብ ሃገርና ዘሎ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ከመይ ይመስል? ህሉው ስግኣትን ኣንፈት ምዕባለኡን ብኸመይ ይግምገም? እዚ ምስ ኢንተርነት ዝተሓሓዘ ኣምር (Cloud Computing) ኣብ ግምት ብምእታው ዝበሉ ኣርእስታት'ውን ቀሪቡ ነይሩ። ካልእ፡ ትሕተ-ቅርጺ ቴክኖሎጂ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብኸፊሉ ተጠቒሱ ነይሩ። ንኣብነት፡ ኣብቲ ዞባ ልዕሊ 300 ኮምፒዩተራት ኣብ ንጡፍ ስራሕ ደርኪቡ። ብዝወሳኸ፡ ዝዘርገሐ ሰርቨራትን መሳርሒታት ኔትዎርክን ተገሊጹ። እቲ ትሕተ-ቅርጺ ቴክኖሎጂ ንህዝብን ንወሸጥን ጥራይ ዝዓለመ ዘይኮነ ንመሻርኽቲ ኣካላት'ውን ሓበሬታ ደሊው ይጉብር። እቲ ትሕተ-ቅርጺ ቴክኖሎጂ ብስልኪ-ኣልቦ ዝተተሓሓዘ እዩ። የግዳስ፡ እዚ ከኣ ንሓደጋ ዝተቓለዐ እዩ። ብሓፈሻ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብውሑድ ጸገታት ዓቢ ስራሕ ይዓዪ ኣሎ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሰለስተ ኣዕኑድ ውሕስነት ቴክኖሎጂ ስርዓት ሓበሬታ ንምስጠራውነት፡ ጽሩይነትን ቅሩብነትን ዘጠቓልሉ እዮም። ካብ'ቶም ሰለስተ ኣዕኑድ ዋላ'ውን ሓዲኦም ምስ ዘይረጋገጹ፡ ውሕስነት ቴክኖሎጂ ስርዓት ሓበሬታ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ። እቶም ዘጋጥሙ ሓደጋታት ሰብ ዝሰርሖን ተፈጥሮኣዊን ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ሓደጋታት ምናልባት ብዘይ ፍላጥ ኪጋጥም ይኽእል። ካልእ፡ ግቡእ ኣገባብን መጽናዕትን ብሰንኪ ዘይምኽታል ኪጋጥም እንከሎ ብዘይካ'ዚ፡ ብመደብ ኮነ ኢልካ ብዕሱባት ሰባት ዝፍጸም ኣሎ። ብዝወሳኸ፡ ብተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ከም በርቂ ዕልቕልቕ፡ ምንቅጥቃጥ መሬትን ካልእን ንዕንወት ክቃላዕ ይኽእል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ቀንዲ ኣተገባርቲ ናይቲ ሓደጋታት ወይ መጥቃዕቲ ዕሉላት ናይ ሳይበር ገበነኛታት፡ መንግስታት፡ ሰራሕተኛታት ወይ መሻርኽቲ ኣካላት፡ ኣክቲቪስት ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ዘለዎም ኣካላት፡ ህንጡያት ቈልዑ ወይ መንእሰያት ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ይፍለጥ። መብዛሕትኡ እዋን ብመገዲ ሰራሕተኛታት ዝፍጸም መጥቃዕቲ 83% ይሸፍን።

እዚ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ መንግስታውያንን ብሕታውን ትካላት ዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ንምክልኻል ቅልጡፍ ግብረ-መልሲ ናይ ምሃብ ዓቕሚ ክድለብ ኣለዎ። በዚ ከኣ፡ ሓለፍቲ ይኹኑ ተራ ሰራሕተኛታት ወትሩ ጫውጥታት ኣብ ምእካብ፡ ንዝምልከቶ ኣካል ብቕልጡፍ ሓበሬታ ኣብ ምትሕልላፍ፡ ኣብ ምጽራይ ትሕተ-ቅርጺ፡ ኣብ ንቡር ምምልላስን ሪፖርት ኣብ ምቕራብን ተመኪሮ ክድልቡ ይግባእ። ልዕሊ ዝኾኑ ሓደጋታትን መጥቃዕትታትን ንኸይክሰቱ ብቐጻሊ ኩሉ ዓይነት ሃርድዌርን ሶፍትዌርን እዋናዊ ምርግጋጽ፡ ሳዕለዋይ ኣካል ምሉእ ሓላፍነት ከምዘወስድ ምግባር፡ ኩሉ ኣባልን መሻርኽትን ኣካል ናይ'ዚ ዘየቋርጽ ዕማም ተዋሳኢ ከምዝኾኑ ምግባርን ምርግጋጽን ከምኡ ድማ ፖሊሲ ተጠቀምቲ ቴክኖሎጂ ምንዳፍን ግዱድ ተግባራዊ ምግባርን፡ ኣብ ኩሉ ትሕተ-ቅርጺ ዘየቋርጽ ወፍሪ ምግባርን ካልእ ዘይተጠቕሰ ጥንቃቐታትን ምክትታል የድሊ። ኣብ ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ እቲ ኣልፋን ኦሜጋን ምርግጋጽ ውሕስነት ሓደን ፍሉጡን ኮይኑ፡ ንሱ ድማ መተካእታ (backup) ምቕማጥ'ዩ። ካልእ፡ መጥቃዕቲ ንምክልኻል ኩሉ ተጠቃሚ እንተወሓደ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ቃል-ምስጢር (password) ክቕይርን ብግቡእ ክዓጽውን ይግባእ። ዘይንቡር ምንቅስቓስ ኣብ ዝህልወሉ፡ ብቕልጡፍ



ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን

ንክኢላታት ኮምፒዩተር ምሕባር። ክንዲ ዝኾኑ ክኢላታት ኮምፒዩተር ከኣ ደድሕሪ ቫይረስ ክኸዱ ዘይኮኑ፡ ከይመጽአ እንከሎ ክከላኸልዎ ኣለዎም።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብዚ ኣህጉርና ብኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ ብቐጻቢታዊ ምዕባለን ለውጥን ንቕድሚት እትምርሽሉ ዘላ መዋእል ተመሳሲሉ ሰሚናራት ኣብ ካልኦት ዞባታትን ትካላትን ብሰፊሑ ብቐጻሊ ክወሃብ ከምኡ ድማ ካብዛ እንሕንብበ ዘላ ዓለም ተነጺልካ ምንባር ስለ ዘይከኣል፡ መንእሰያት ብምስልጣን ምዕቡል ስርዓት



ካብ ተሳተፍቲ

ሓበሬታ ምኽታልን ዝብሉ ርእይቶታት ካብ ተሳተፍቲ ቀሪቡ። ካልእ፡ ብተደጋጋሚ ዝጋጥም መጥቃዕቲ ሳይበር ንምክልኻል እንታይ ኣማራጺታት ወይ ጥንቃቐታት ምኽታል የድልን ካልእ ብርክት ዝበሉ ሕቶታትን ኣብቲ መድረኽ ክቐርቡ እንከለው፡ ዘድሊ ምላሽ ድማ ተዋሂቡዎም።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ሰሚናር ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኣይ ተወልደብርሃን ብወገኑ፡ እቲ ዝቐረበ ሰሚናር ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑን ብቐጻሊ ክሰፍሕ ከም ዘለዎን ብምግላጽ፡ እቲ ተበጊሱ መጀመርያ እምበር መፈጸምታ ከም ዘይኮነ ተኣሚኑሉ ኣብ ቀጻሊ ክኢላታት መንእሰያት ብዝያዳ ብምስልጣን ኪጋጥም ዝኽእል መጥቃዕትታት ብኣጋኡ ምክልኻል ከም ዝከኣል ኣረዲኡ። እቲ ሰሚናር መበገሲ ኣፍልጦ ኣብ ምድላብ ሓጊዙ ከም ዝበረ ብምሕባር፡ ተመሳሲሉ ኣስተምህሮታት ክውደብን እቲ ዝመሓላለፍ ትምህርቲ ኣብ ባይታ ክስረሓሉን ኣዘኻኺሩ።

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

4ይ ክፋል

*ከኒታት 2-ውድባት ኤርትራ ኣብ ደሮ 6ይ ወራር–*

*ኣብ ዓንቀጽ 3ይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ብዛዕባ ኣብ ደቡብ (ጎደይቲ) ንፁማማዕ 20 ጥቕምቲ ዘፍርሰን ንውግእ ሕድሕድ ዝቕስቕሰን ተግባራት ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ.ከም ዝተገልጸ፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ማይዓይኒ (ዓዲ ባረን) ናይ ሕድሕድ ወተሃደራዊ ረጽሚ ከም ዘጋጠመ፣ ንኡ ጥራይ ከይኣክል ኣብ ምብራቕ (ፎሮን ከባቢ ኢንገልን) ኣብ ልዕሊ ዝጥፉ ዝበሩ ክፍሊ ህዝቢን ሓፋሽ ውድባትን ናይ ህዝባዊ ግንባር ምትንኻላት ጀብሃ ስለ ዝጠለሉ፡ ካብ ሃንደሳ ውድብ ሓይልታት ብርጌድ 44 ካብ ዝተፈላለዩ ከባታት ናብ ምብራቕ ከም ዝተንቀሳቐሳ ተረኺና ነይርና፡፡ መቐጸልታ ናቱ እንሆ–*

ካብዘን ክልተ መሳርዕ ንፎሮ ዝኣተዋ ናይ ሃንደሳ፡ እታ ሓንቲ መሳርዕ ቀጥታ ናብ ኢንገል ሰገረት፡፡ ኣብ ማይዓይኒ ኣብ ውግእ ዓዲ ባረን ምስ ሃንደሳ ደቡብ ዝተሳተፋ ክልተ ጋንታታት ናይ ሓይሊ 12 ብርጌድ 44 እውን ናብ ፎሮ ኣተዋ፡፡ ካብዘን ክልተ ጋንታታት ጋንታ ሽረፎ፡ ጸጥታ ኣባላት ጀማሂርን ሓፋሽ ውድባትን ንምውሓስ፡ ኣብ ርእሲ መሳርዕ ሃንደሳ ናብ ኢንገል ተደረበት፡፡ ንሱ፡ ካብ ኢንገል ሓሊፉ ኣብ ድሉሕ ኮፍ በለት፡፡ ብዘይካ ኣሃዱታት ሃንደሳን ናይ ብርጌድ 44ን፡ ካብ ቀጠባን ክፍሊ ህዝብን ክፍልታት ውድብ ዝተዋጽኡት መሳርዕ'ውን ምስኣተን ተወደባት፡፡ ኣብ ኻፍሲ ወከፍ ሰይቲ፡ ካብዘን መሳርዕ'ዘኣተን ክልተ መሳርዕ ካብ መዓስከራት ወጺኣን ንሓለዋ ተንቀሳቐሰን ይሓድራ ነበራ፡፡ ዝተረፋ፡ ኣብ ከባቢ ዒላ ኢንገል ምስ ክፍልታት ይሓድሩ ነበሩ፡፡

ኣብ ወርሒ 5/1980 ኣብሉ'ዩ፣ ዳዊት ዝበሃል ብዛዕባቲ ከባቢ ኮኣ ብዛዕባ ህዝብን ቋንቋን ጽቡቕ ምልከትን ሌላን ዝበሮ ምኩር ኣባል ክፍሊ ህዝቢ፡ ካብ ጋንታ ሽረፎ ንመሳርዕ ጿጋይ ሃንስ (ወዲ ሃንስ) ሒዘዋ ካብ ድሉሕ ሓሊፉ ናብ ዶርዓስ ሸንክ ተንቀሳቐሰ፡፡ ከም ልምዱ፡ ንግሆ-ንግሆ መጽሔትን ካልእ ፖለቲካዊ ጠቀስን ይንብበን ይመሃሩን ስለ ዝበሩ፡ ንንግሆኡ፡ ዋርድያ ኣብ ገረብ ደየቡ ከም ዝሕሉ ገይሮም ክመሃሩ ጀመሩ፡፡ ዋርድያ፡ ሰራዊት ጀብሃ ክመጽኡዎም ተዓዚቦሞ ንዳዊት ሓበሮ፡፡ ዳዊት፡ ኣብ መጀመርታ ከበድ ምንቅስቓስ ሓደገኛን ኮይኑ ኣይተረኽየን፡፡ "ድሓን ኣብዩ ከይፀጽሑ'ሞ፡ ገለ እንተ ኣሎም ደማሰስናዮም ክንከይድ ኢና" ኢሉ፡ ነቲ ኣስተምህሮ ቀጸሎ፡፡

እታ መሳርዕ መጽሔታ ኣንቢባ ወዲኣ ንቦታኣ (ናብ ድሉሕ) ክትምለስ ተበገሰት፡፡ ሰራዊት ጀብሃ ነዛ መሳርዕ ኣብ ዕጹው ሳንዱቕ ኣእትዮም ኣኽበቡዋ፡፡ እታ መሳርዕ ብሬንን ኣርቢጂን ዝዓጠቐት ምኩሓት ተጋደልቲ ነበሩዋ፡፡ ዓቕሚ ሰባውን ክሳብ 14 ሰባት ኣብሉ ደብጽሕ ነበረ፡፡ ግን፡ ሰራዊት ጀብሃ ብዙሒ ነይሩዎም፡፡ ነቲ መጥቃዕቲ ምስ ከፈቱዎ መሳርዕ ኣብ ከበባ ኣትያ ክሳብ መውጽኢታ ተታኾሰት፡፡ ግን፡ መውጽኢ መንገዲ ኣይረኸበትን፡፡ ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ፡ እታ መሳርዕ ክሳብ ጠያይቲታን ሰጠን ዝጽንቀቕ እናተበራረዩ ደምሰሱዋ፡፡

መራሒ ጋንታ ሽረፎ ንመሳርዕ ጿጋይ ሃንስ ክረድእ ኒታ ምስኡ ዝበረት ካልኣይቲ መሳርዕ ሒዙ ናብቲ ውግእ'ኳ ክጽጋዕ እንተ ፈተኑ፡ ግን ምስ ብዙሒ ሰራዊት ተጻራሪ ወገን መኣተዊ ሰኣኑ፡፡ ቀሺ ሓደሽ ዝተባህለ መሳርዕ ሃንደሳ፡ ካብ ክፍሊ ህዝቢ'ውን ብወዲ ሸክ ትጥርፉ መሳርዕ ክረድኡ ናብቲ ዓውደ ውግእ ክኣትዉ እንተፈተኑ፡ ኣንፈት ናይ'ቲ ውግእ ተሓዋዊሱ ጸንኪሩ ኮነ፡፡ ብዑቶም ንምድሓን ግደን ክኣትዉዎ ስለ ዘበርዎ ብዘማስሎም መጥቃዕቲ ከፈቱ፡፡ ወዲ ሸኽን ዓሲንባን ከኣ ተወግኡ፡፡ ወዲ ሸኽ ሽዑ ተሰውኡ፡፡ እዘን ንደገፍ ዝተሰለፉ መሳርዕ ኣብ ልዕሊ'ቲ ገዚፍ ሓይሊ ሰራዊት ጀብሃ ሃረመን ከድምዓን ሰውጣ ከምጽኣን ስለ ዘይከኣላ፡ ውጉኣተን ሒዘን ንድሕሪት ተመልሳ፡፡

ኣብ መውዳእታ፡ ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ዝገፈፍ ዕጥቂ ናይታ ዝተደምሰሰት መሳርዕ ወሲዱ ናብ ማጠሊ መዓስኩሩ ተመልሰ፡፡ ድሕሪኡ እተን መሳርዕ ናይ ህዝባዊ ግንባር ስውኣተን ክልዕላ ናብ ቦታ ፍጻመ ከዱ፡፡ እዚ ውግእ'ዚ ኣብ መንጎ ድሉሕን ዶርዓስን ኮይኑ ሬሳታት ናይታ መሳርዕ ኣብ ሓንቲ ሰንጭሮ ተጸፍጺፉ ክፉእ ትርኢት ኮነ፡ መራሕን ወዲ ምኪኤልን ምስ ሓደ ሳልሳዮም ማንጁስ ካብ መንጎታ ዝተደምሰሰት መሳርዕ ዓይኒ የብለይ ሲ ፈንጢሶም ወጺኡ፡፡ ሓደ ማንጁስ ከኣ ብደም ተሓጺቡ ኣብ መንጎ ስውኣት ኣጽቂጡ ብህይወት ጸኒሑ፡፡ ሰለሙን (ቀንጠብ) ዝተባህለ'ውን መጋባይ ኮይኑ ዝጽንሐ ራብዐዶም ብህይወት ተረፍም'ምበር መሳርዕ ኩላ'ያ ጠፊኣ፡፡



ካብ የማን ካልኣይ - በርሀ ኣስፍሃ ኣባል ሃንደሳ

ድሕሪዚ ካብ ፎሮ ተወሰኸቲ ጋንታታት ተደረባ፡፡ ካብ ሓይሊ ተከኤ ገረዝጊሄር (እንዳ ቀጣንን) ካብ እንዳ 44 እዮን፡፡ ካብ እንዳ 44 መሳርዕ ሽረፎን ካልእን ጋንታ ትኸውን ኣብ ድሉሕ ኮፍ በለት፡፡ 2-መሳርዕ ቀጣን ድማ ኣብ መንካዕለለ ሓዘ፡ 1-መሳርዕ ቀጣን ኣብ ኢንገል፡፡ ብዝወሰኸ፡ 1-መሳርዕ ቀጠባን ክፍሊ ህዝቢ ምስ ናይ ሃንደሳን ኣብኡ ነበራ፡፡ ኣብ ኢንገል ክልተ ቦታ ስለ ዝኾነ፡ እተን መሳርዕ ኣብ ክልተ ቦታታት ተኸፋፊለን ቦታ ሓዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሳያስን (ማእከል ዓደን) ኣብ ከባቢ ዒላ ዘለዋን፡፡

ኣብ ደሮ 6 ሰነ 1980 "ሰላም ደብዛል ኣሎ፣ ስምረት ደብዛል ኣሎ" ተባሂሉ፡ ብዓል ኢሳያስ፡ ዑስማን ሬዶ፡ ስዉእ መሓመድ ኣሕመድ ካብ ክፍሊ ህዝቢ፡ ሰለስቲኦም ኮሚቴ ዕርቂ ብምዃን ንዚተ ተዋሪዮም ነይሮም፡፡ እዚኦም፡ ነቲ ብዛዕባ ዕርቂ ትሕዝቶ ዝበሮ ጽሑፍ፡ ንተጋዳላይ ከንብቡሉ ኣምጽዩ፡፡ ግን፡ በየም ዝሰምዑ ዝበሩ ተጋደልቲ ዝኣመንን ዘተስፉ ዜናን ኣይነበረን፡፡ ኣብ ግዜ ኣስተምህሮ ኣግዚደም ነቲ ዝበሃል ዝበረ ተቦጽሓታት ክኣምኑዎ ከም ዘይግባእ ርኢይቶኦም ዝገልጹ ነበሩዎም፡፡

ሓደ ካብኦም ኣትረርም ዝተቓወመ ተጋዳላይ፡ ጉዳም ተጋዳላይ ዓልዩ ከም ዝበረ እየም ብዑቱ ዝገልጽዎ፡፡ ዓልዩ፡ ምስ ጀብሃን ሻዕብያን - ኣብ ክልተኡ ውድባት - ዝተጋደለ፡ ንባህርያት ውድባት ዝፈልጥ ኣባል ክፍሊ ህዝቢ ሰንከል ተጋዳላይ እዩ፡፡ "ጀብሃ ከተታልለኩም'ምበር ናብ ዕርቂ ሰላም ቅርብቲ ስለ ዘላ ኣይኮነትን፣ መንእሰያት ደቅና ክትልክም'ምበር ኣይንእመና!" ኢሉ ጸቒጡ ተቓወሞኡ ኣሰምዐ፡፡ ድሕሪቲ ኣስተምህሮ ሽዑ ንዝተቐማጠ ብረት M114 ኣውጺኡ ብምዕጣቕ ምስ ኣባላት ሃንደሳ ኣብ ድፋዕ ወጺኡ ሓለዋ ሓደረ፡፡

ካልእ'ውን፡ መሓመድ እድሪስ ዝተባህለ ካብኦም ክፍልታት ውድብ ዜና፡ ኣብቲ ዝበሃል ዝበረ ጉዳይ ዕርቂ ስከፍታኡ ገለጸ፣ "እዚ ዝእመን ኣይኮነን፣ ንዓና ንምትላል'ያ ጀብሃ ሰላም ትብል ዘላ" ኢሉ ተቓወመ፡፡ ክልተኦም ተጋደልቲ ኣትረርም ተቓወሙ፡፡ መሓመድ እድሪስ ምስኦም ኣርባዕተ ካብ ክፍሊ ህዝብን ሃንደሳን ተዋጺኦም ከባቢ ክከታተሉ ዝሓደሩ ብምዃን ሓለዋ ወጺኡ ሓደሩ፡፡

ብመሰረት ኣብ ወርሒ ግንቦት 1980 ኣሃዱታት ብርጌድ 61 ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ዘርኢያኦ ፍሉይ ምንቅስቓስ፡ እቲ ኸኒታት ኣንፈት ሰላም ኣይነበሮን፡፡ እቲ ሰራዊት፡ በቲ ኣብ መንጎ ድሉሕን ዶርዓስን ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ዝኣኸሎ ኣይመስልን፡፡ ድሕሪ ፍጻመ ከባቢ ድሉሕ፡ በጦሎኒ 107 ብርጌድ 61 ናይ መሓመድ እብራሂም ካብ ከባቢ ጸሮና ተላዒላ ናብ ሶሚን ደንከል ወረደት፡፡ ከመይለ ይኸውን ብሓፈሻ ሶሚን ደንከል ብርጌድ 64 ናይቲ ውድብ ዝንቀሳቐሳን ኣብ ቀጽጽሩ ዝበረን ከባቢ እዩ፡፡ በጦሎኒ 107 ከኣ ናብቲ ከባቢ ብምድራብ ኣብ ከመይለ ንሓጺር ግዜ ኣዕረፈት፡፡ ጸኒሓ፡ ሓንቲ ጋንታ ኣብኡ ገዲፋ ንኢራፋለ ገጻ ተንቀሳቐሰት፡፡

ኣብ ኢራፋለ ምስ በጽሐት ሓንቲ ሓይልን ሓንቲ ጋንታን ካብታ በጦሎኒ ኣብ ጀላቡ ተሰቒለን ንኢንገል ኣንሳፈፋ፡፡ ሓንቲ ሓይልን ሓንቲ ጋንታን ከኣ ብእግሪ ኣብ ቦርደሊ ከጥቅዓ ናብኡ ተጓዒዘን፡፡ ዝበን ዓድታት'ዘኣን ህዝባዊ ግንባር'ያ ክትቆጻጸሮ ጸኒሓ፡፡

እተን ብዕብሪ ኢንገል ዝተጻዓኣ ሓይልታት ተጋደሎ ሓርነት፡ ናብ 6 ሰነ 1980 ኣብ ዘውግሐ ሰዓት 4:00 ኣብ ልዕሊ'ቲ ውሑድ ዓቕሚ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር መጥቃዕቲ ብምኽፋት ንኢንገል ተቖጻጸራኣ፡፡ እዚ ግን ድሕሪ ናይ ምሉእ መዓልቲ ውግእ'የን ናብታ ዓዲ ዝኣተዋ፡፡ እተን ካብ ኢራፋለ ንቦርደሊ ዝከዳ ሓንቲ ሓይልን ጋንታን ተ.ሓ.ኤ እውን ንቦርደሊ ኣጥቂዐን ተቖጻጸራ፡፡ ኣብ መንካዕለለ'ውን ብተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ዝበን ዓድታት ኣብ ትሕቲ ቀጽጽራ ኣእተወት፡፡ ተ.ሓ.ኤ፡ ዝበን ዝተጠቕሳ ዓድታት ክትቆጻጸር እንከላ ምሉእ መዓልቲ ናይ ምትህልላኽ ውግእ ስለ ዝወዓለ ካብ ክልቲኡ ወገናት ብዙሕ ተጋዳላይ ተሰውአ፡ ብፍላይ ኣብ ኢንገል፡ ዛራ ደም ፈሰሰ፡ እቶም "ንጀብሃ ኣይንእመና" ዝበሉ ዝበሩ ብዓል ዓልዩ'ውን ኣብቲ ውግእ ተሰዊኦም እዮም፡፡ ካብ ኣባላት ሃንደሳ ብዓል ፍስሃየ እስቲፋኖስ፡ ሰበሆቱ ፍስሃጽዮን ብርሃ ምስግና ገለ ካብኦም ኣብ ኢንገል ዝተሰውኡ እዮም፡፡ ኣብ ፎሮ ድማ ዳኒኤል ወልደማርያም፡ ተስፋይ ኣብርሃ ዝርከቡዎም ተሰዊኦም፡፡ ግን፡ ኣብ ፎሮ ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ኣይሰለጦን፡፡ ብኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ስጉምቲ ወሰዱ፡፡ ንቶም ተሳልዮም ክጉዓዙ ዝኽእሉ ሓሓደ ውግእ ብምኽናይ እናተደጋገፉ ናብ ሓንቲ ዕብሪ ዝላታ ኣብ ወሰን ባሕሪ ትርከብ ንእሾቶይ ዓዲ በጽሑ፡፡ ኣብታ ዕብሪ ምስ በጽሑ'ውን ብሰንኪ ምጋሽ ማይ ባሕሪ - ማይ ባሕሪ ጎዲሉ - ብምጽንሑ፡ እታ ዕብሪ ኣብ መሬት ኮፍ ኢላ ጸንሐት፡፡ ባሕሪ ክሳብ ዝመልእ ክጸበዩ ኸኣ ነዊሕ ሰዓታት ሓለፈ፡፡ እቲ ሰራዊት ዕድል ዝበሮ ግን ሰራዊት ጀብሃ ደድሕሪኦም ኣይሰዓበን፡፡ እምበር፡ ዝርከቦም



ኣቦላት ብ.44-1 ነበር ተስፉንክኤል (ወዲ ሽቃ) ፡ የሃንስ ኣብርሃ (ጆን)

ተጸፊያም ንድሕሪት ተመልሱ፡፡

ኣብ ደንከል፡ ናይ ሕድሕድ ወተሃደራዊ ረጽሚ ኣብ ዝተወሳዓሉ ግዜ፡ ኣብ ማእከላይ ወተሃደራዊ ጽፍሒ ካብ ዝበሩ ኣቦላት ተ.ሓ.ኤ ነበር ዝ. ታሪኽ ክዘክሩ ከለዉ፡ "ምስ ህዝባዊ ግንባር ብሓንሳብ ንሰላም ክትሰርሕ ኣብ ደንከል ዝቖመት ሓንቲ ቀጠባዊት ኮሚቴ ነበረት'ሞ፡ ግን፡ እታ ኣሃዱ ዝተዋህበ ዕማም ጉዲፋ ብኣንጻሩ ነቶም ናይ ህዝባዊ ግንባር ኣቦላት ሃረምቶም፡፡ እቲ ኣብቲ ዞባ ሓላፊ ቁጠባዊት ኮሚቴ ዝበረ ወደልናንዘር፡ 'ህዝባዊ ግንባር ይሃርመና ኣለው፡' ኢሉ ብዕለት 7/6/1980 ኣብ ፎርቶ ሳዋ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዓብደላ እድሪስ ንዝተዓደመ ሰሚናር ይመርሕ ንዝበረ ሓደ ኣባል ላዕለዋ መሪሕነት ሓበረ፡፡ እቲ ኣባል ላዕለዋይ መሪሕነት ከኣ፡ ከምዚ ዝበለ መልእኽቲ ካብ ደንከል ምስ በጽሖ ቀጥታ ናብ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ (ናይ ህዝባዊ ግንባር) ብቴሌግራም 'ኣብ ደንከል ትሃርሙና ኣለኹም' በሎ፡፡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብወገኑ፡ 'ሓሶት!' ኢሉ ቀጥታ ሓጺር መልሲ ሃበ" ይብሉ'ሞ፡ ብምቕጻል፡ "እቶም ኣብቲ ሰሚናር ክንሳተፍ ዝመጻእና ሓለፍትን ካድራትን ከኣ ሽዑ ኢና ውግእ ሕድሕድ ብደንከል ተወለዐ ከም ዘሎ ዝፈለጥና፡፡ ቀድሚኡ ብትሕዝም ትሕዝም እምበር፡ ዝበዝሕ ሰብ ብወግዒ ክፈልጥ ኣይጸንሐን፡፡ እቲ ጉዳይ ከኣ ኣብቲ ሰሚናር ተወሰኸ ሓድሽ ኣጀንዳ ኮይኑ ኣዘራረበ ኮነ ..." ይብሉ፡፡

እዚ ዛንታ'ዚ ከም ዘመልክቶ፡ ምውላዕ ውግእ ሕድሕድ ዝተወሰኑ ዋናታት ዝበሩዎ'ምበር፡ ሓፋሽ ተጋዳላይስ ናይ'ቲ ውድብ ዕሪ እናናጠየም ከም ዝተጻንበሮ'ዩ ዘመልክተልና፡፡

እቶም ኣብ ኢንገል ኮይኖም ክከላኸሉ ዝወዓሉ፡ መሳዋእቲ ምስ በዝሐም ኣብ ሓደ ንምጥርናፍ እቶም ብሸንኽ ዓዲ ዝበሩ ናብቶም ኣብ ከባቢ ዒላ ዝበሩ ኣቦላት ሓይሊ ቀጣን ተጠርፉ፡፡ መራሒ ጋንታ ቀጣን ኣርበጂ ዝተባህለ'ዩ ነይሩ፡፡ እዚኦም'ውን ካብ መራሒ ጋንታ ኣርበጂ ጀማሪካ ኣብቲ ዝተወሳዓሉም መጥቃዕቲ ጠፊኦም'የም፡፡ መስዋእቲ በዚሑ፡፡

ኣሃዱታት ኢንገል፡ ኣብታ ዒላ ምስ ተጠርፉ'ውን ጠያይት ወድኡ፡፡ 12 ጥዑያት 12 ውጉኣት ተረፉ፡፡ ሓለፍቶም ብመስዋእትን መውጋእትን ምስ ተኣኸሙ፡ እቶም ተራ ተጋደልቲ ቦታኦም ዝማስሎም ጠያይት'ውን ወዲኦም ስለ ዝበሩ ብኢዶም ክተሓዙ ይኽእሉ ነይሮም፡፡

ድሕሪ ነዊሕ ትጽበት ባሕሪ መሊኡ እታ ዕብሪ'ውን ጸንበል ክትብል ጀመረት፡፡ ኣብኣ ተሰቒሎም ናብ ወሽጢ ባሕሪ ርሒቖ ኢሎም ሓደሩ፡፡ ካብታ ዕብሪ ወሪዶም ኣብ ወሰናስን ባሕሪ እንታይ ምዕባለ ከም ዘሎ ክፈልጡ ዕድላት ኣይነበሮምን፡፡ ዓቕሚ ሰቦም ተዳኺሙ፡ ተተኳሲ ወዲኦም፡ መራኸቢ ራድዮ'ውን ኣብቲ ውግእ ስለ ዝጠፍኦ፡ ህሉው ምዕባለን ኩነታትን ንምፍላጥ ዘኽእል ዕድል ኣይነበሮምን፡፡

ኣብ ልዕሊ ዕብሪ ተሳፊሮም ኣብ ወሽጢ ባሕሪ ብምዃን ነተን ኣብ ከባቢ ድሉሕ ዝበራ (ጋንታ ብዓል ሽረፎ) እንተ ሰዓብኦም ብዓቕሊ ተጸበዩ፡፡ ወላ'ኳ መንካዕለለ ካብ ኢንገል ናይ ክልተ ሰለስተ ሰዓታት ርሕቀት እንተ ሃለወ፡ ብኡ ወገን'ውን ዝመጽእ ወገን እንተ ተረኽበ ኣብቲ ባሕሪ ኮይናም ተጸበዩ፡፡ ናይ ክልተ ወይ ሰለስተ ሰዓታት ተጓዒዞካ ቀጥታ ናብ ዞላ ኣፍታ ምሽጋር ዕድል'ኳ እንተ ነበረ፡ ግን ኑቶም ብድሕሪት ዘለዉ ብዑት ክጸበዩ ነይሩዎም፡፡ እንተ ኸፊኡ እታ ዕብሪ ውጉኣት ክትማላእ፡፡ ምስ'ቶም ድሕሪት ዝተረፉ ብዑቶም ተወዳዲቦካ ዝግበር ካልእ ስጉምቲ ንምውሳድ ዕድላት እንተሃልዩ'ውን ምስኦቶም ንምምኽኻር ዕላማ ገይሮም ክጸበዩ መሬት ክሳብ ዘውግሕ ኣብ ባሕሪ ተጸበዩ፡፡ ብድሕሪት ዝስዕብ ተጋዳላይ ምስ ሰኣኑ ግን ቀብጺም ናብ ዞላ (ደጆን) ሰገሩ፡፡

ኣብ ዞላ፡ ብዓል ኣቦይ ተስፋይ በየነ (መራሒ ሓይሊ 11፡) ናይ ሃንደሳ ድማ መራሒ መሳርዕ ቀሺ ሓደሽን ተቐበሉዎም፡፡ እዞም ሓለፍቲ፡ ኣብ ኢንገል ዘጋጠመ ኩነታት ምስ ተሓበሮም፡ ደሃይ ብዑቶም ክፈልጡ ቡታ ዕብሪ ናብ ድሉሕ ተመልሱ፡፡ ግን፡ ብዓል ኣቦይ ተስፋይ ዝበሩዎ ብዑቶም ናይ ምርዳእ ፈተነ ኣይተዓወተን ኣይረኸቡዎምን፡፡

ኣብ መንካዕለለ ዓሪዶም ኣንጻር መጥቃዕቲ ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ዝመከቱ፡ ዳርጋ ብምሉኦም ድሓን ወጺኦም፣ ግን፡ ሓደ ኦፕሬተርን ሓደ ካብ ኣቦላት ክፍሊ ህዝብን ተሰዊኦም፡፡ እታ ሬድዮ ርክብ'ውን ቦምባ ኣርፒጂ ስለ ዘረማ ኣብኡ ዓንያ፡፡ ኣብ ኢንገል ዝበሩ መሳርዕ ሃንደሳ፡ ክፍሊ ህዝቢ፡ ቁጠባን ቀጣንን ግን ዝያዳ ተሃሰዩም፡፡ ብምሉኡ ንብረትን ሓንቲ ድልድልቲ ዕብሪን ብጀብሃ ተወሰዱ፡፡

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሽሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኑርዓይኒ ኢብራሂም መሓመድኑር፡ ተኸሳሲ ሰማር ኣደም ባልቃ፡ ብዋልቲ ቤትካ ኣብ ቤ/ፍ ሽሪዓ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/ማሰል ሃይለ ገብረመድህን ወልደሰላሴ፡ ብፍ/በ/ዕዓ ኣኑር ሐሴን ኣልሐሰኑ ናይ ፈጻሚ ምልክታ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲ፡ ኣፍ/ሄር ገብረሚካኤል መብራህቱ ገብረመድህን፡ ኣዝመራ ገብረሚካኤል መብራህቱ፡ ተኸሰስቲ፡ ኣፍ/ሄር ገብረሚካኤል መራብሁቱ ገብረመድህን 1. ንግስቲ ገብረሚካኤል 2. ኣፍ/ የውሃንስ ገብረሚካኤል መብራህቱ 2.2 ሰምሃር የውሃንስ ገብረሚካኤል 2.3 ሚሮን የውሃንስ ገብረሚካኤል 2.4 ሳሙኤል የውሃንስ ገብረሚካኤል 2.5 ዳኒኤል የውሃንስ ገብረሚካኤል 2. ሳምራዊት የውሃንስ ገብረሚካኤል 3. እሰያስ ገብረሚካኤል መርብራህቱ 4. ሙሴ ገብረሚካኤል መርብራህቱ 5. ቶማስ ገብረሚካኤል መርብራህቱ 6. ሳባ ገብረሚካኤል መብራህቱ 7. ለተንሰኤ ገብረሚካኤል መብራህቱ ተኸሰስቲ ካብ ቁ/1 ክሳብ 7 ንዃኹም ዝምልከት ናይ ምቅሊት ውርሻ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ይፈየድ ስለዘሎ፡ ናይ ምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ተኸሰስቲ ወ/ሩ ገብረሂወት መብራህቱ፡ ወ/ሩ ትብለጽ ወልደገርግስ፡ 1. ወ/ ኣፍ ከሰተብርሃን ገብረሂወት 1.1 ኣሉላ ከሰተብርሃን 1.2 ኤርትራ ከሰተብርሃን፡ 2. / ኣፍ የማኑብርሃን ገብረሂወት፡ 2.1 ሰለማዊት የማኑብርሃን ገብረሂወት 2.2 ኣውጉት የማኑብርሃን ገብረሂወት፣ ብመንገዲ ከሰስቲ ወ/ሩ ገብረሂወት መብራህቱ፡ ወ/ሩ ትብለጽ ወልደገርግስ፡ ወኪል ወ/ረ ኣስኮለማርያም ገዘሂወት 3. ወ/ረ ኣስኮለማርያም ገብረሂወት ናይ ምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣቶ ኪዳ ክፍለማርያም ይመስገኑ ኣደይ መጃሾ ኣስመሮም ጭሮም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ኪዳ ክፍለማርያም ይመስገኑ ሓፍተይ ለምለም ክፍለማርያም ይመስገን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ሃብቱ ገብረማስቀል ምራጭ፡ ሓፍተይ ሉተብርሃን ገብረማስቀል ምራጭ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰለማዊት ኣብርሃ ሰገድ፡ ኢንጅ ኣብርሃም ሰገድ ዘርእዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሃብተስላሴ ላልሽ ተወልዱ፡ ኣደይ ኣምለሰት ተኽለማርያም ቀላቲ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳሙኤል ባይሩ ፍስሃዬ፡ ኣደይ ግደይ በርሀ ገብረትንሳኤ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኤልሳ እስጢፋኖስ፡ ሓፍተይ ርሻና እስጢፋኖስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 3 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተፈሪ ገብረትንሳኤ፡ ኣደይ ኣረጋሽ ገብረሂወት ሃብቱ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ 2 ተተካእቲ ደቂ ሰወእ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ እዝየዝርያ ዞሚካኤል ዑቕባዝጊ፡ ብዋልቲ ቤተይ ኣስራት ተስፋማርያም ሃማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለሰንበት ሰዩም ቴድሮስ ወለድና ሰዩም ቴድሮስ ሰረቐን ዑቕባማርያም ማናን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ኣቡነ መሉብርሃን ዑቕባስላሴ ምግቢ ተሪፋ፡ የሴፍ መሉብርሃን ዑቕባስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጺጋይ ኣብርሃም፡ ኣቦይ ኣብርሃም ሃይሉ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሄብሮን ሃብቶም ከስተ ምግቢ ተሪፋ፡ ሄርሞን ሃብቶም ከስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሊካ ማሕመድዓሊ ሓምድ ምግቢ ተሪፋ፡ መሊካ መሓመድዓሊ ፋግር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳራ ቴድሮስ ተኽለይ ምግቢ ተሪፋ፡ ሳሮን ቴድሮስ ተኽለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በረኸት ኢሳይያስ መጃኾ፡ ኣቦይ ኢሳይያስ መጃሾ ሓለፉ ስለዝዋረፈ፡ ከምኡ ውን ኣደይ ትብርህ ሃብቱ መድህን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽሊት መሓሪ ርእሶም፡ ብዋልቲ ቤተይ የርጋለም ኣቶብርሃን ተኸስተ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሉተሚካኤል ኣስካለ ዑቕባስላሴ፡ ወለድና ኣስካለ ዑቕባስላሴ ወልደገርግሽን ነጋሲት ወልደማርያም ገብረጻድቕን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ክብረት ሃብተማርያም ካሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳልሕ ዐሰማን እድሪስ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ገዛ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ ኣበባ ሓጎስ ብርሃ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ነ/ሄር ኣድሓኖም ምስገናን ነ/ሪት ወ/ሮ ሓገሸ ሓድጉን 1. መብራህቶም ኣድሓኖም +4 ተተካኢ ወዲ ወረ/ዝር ሃይለ ኣድሓኖም 1. ዓወት ሃይለ ኣድሓኖም፣ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ትእዛዝ ፋይል ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ሙሴ ገብረመድህን፡ ኣደይ ግደይ ገብረእግዚኣብሄር ስእሉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣስመሮም ወልዳይ ሃይለስላሴ ምግቢ ተሪፋ፡ ኣስመሮም ወልዳይ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሂወት ገብረመድህንን ኣቶ ነጋሲ ወልደስላሴን፡ ስም ናይ ት/ዕድመ ወደና ሃብተሚካኤል ነጋሲ ወልደስላሴ ምግቢ ተሪፋ፡ ሚልኪያስ ነጋሲ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፊሩዝ ምግቢ ተሪፋ፡ ኣርሴማ ኤፍሬም ጊላስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/01/26 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ የዕበዮ ወልዳይ ዑ/ሚካኤል፡ ኣቡሓንና ኣፍ/ሄር ዑቕባሚካኤል ተስፋጸዮን ዒሊ በኺት ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ምስ 05 ሓወቦታትናን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሪሀዋ ሃ/ማርያም ተሰፉ፡ ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪላ፡ ብዋልቲ ቤተይ ወልደትንሳኤ ተሰፉ ዑቕባጋብር ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ፊኖ ኢሳቅ ቃልኣብ ምግቢ ተሪፋ፡ ሰላም ኢሳቅ ቃልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ትምኒት ሃብተ ጊልያዝጊ፡ ተጸዋዒ ኣቶ መድሃኔ ስምና ዓንዲት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ የርድኖስ ገብረስላሴ፡ ኣደይ ሉተብርሃን ሽሻይ ስብሃትልኣብ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን (ኣስመራ) ኣብ (TTI) ንዝርከብ ቤት ሻሂ ካብ 01/12/25 ክሳብ 31/12/2027 ንክልተ ዓመት ክኻርዮ ስለዝደለየ፡ ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ተጫረትቲ ናይ ቤት ሻሂ ሊቸንሳ ዘለዎምን ሃገራዊ ግቡኦም ዝማልኡን ክኾኑ ኣለዎም፡ መረጋገጺ የቕርቡ፡፡
2. ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ የቕርቡ፡፡
3. ናይ ዓመት 2024 ግብሪ ዝኸፈሉ፡
4. ንኣገልግሎት ዝውዕል መሳለጥያታትን ንብረትን ባዕሎም የቕርቡ፡፡
5. መንነት ወረቐትን ኣርንትን ፎቶ ኮፒ የቕርቡ፡፡

ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ዝርከብ ጨ/ቤ/ጽ/ ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ብወግዒ ጨረታ ይኽፈት፡፡

7. መኽበሪ ጨረታ (10,000) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ፡፡
8. ተጫረትቲ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
9. ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ጨ/ቤ/ጽ/ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን (ኣስመራ) ብምምጻእ ወይ ድማ ብቁ/ተሌፎን 08371388/07311099 ብምድዋል ክትውከሱ ትኽእሉ፡፡

ሓበሬታ ንዘደሊ፡ ፎርም ናይ ጨረታ ኣብ ቁ.308 ወይ ድማ ኣብ ቁ.309 ጨ/ቤ/ጽ/ ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ብምምጻእ ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡

10. ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረኽብ፡ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን (ኣስመራ)

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞ/ ማእከል ከተማ ጎደና 194 ቁ. ገዛ 12 ቁ/ምስክር ወረቐት 112656 መወከሲ ቁጽሪ 126534 ፕሎት 42 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 389.78 ት/ሜ 4 ክፍልታት 8 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዝተደኮነ፡ ብስም ደገዞማች ተስፋሚካኤል ወርቀን ኣፍ/ሄር ሓረጉ ገብረሂወትን ዝተመዝገበ፡ ወ/ሮ ኣብርሀት ተስፋሚካኤል ምስ 11 ኣሕዋተይ ዝተመዝገበ ብጽሒት ናይ ኣፍ/ሄራት ሓረጉ ገብረሂወት ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሐዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይ ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

የማነ ተስፋሚካኤል ወርቀ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኑርዓይኒ ኢብራሂም መሓመድኑር፡ ተኸሳሲ ሰሚር ኣደም ባሕቃ፡ ብዒልቲ ቤትካ ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/ማሳል ሃይለ ጉብረመድህን ወልደሰላሴ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣኑር ሐሴን ኣልሐሰን፡ ናይ ፈጸሚ ምልክታ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሰስቲ ኣፍ/ሄር ጉብረሚካኤል መብራህቱ፡ ጉብረመድህን፡ ኣዝመራ ጉብረሚካኤል መብራህቱ፡ ተኸሰስቲ ኣፍ/ሄር ጉብረሚካኤል መራብሁ፡ ጉብረመድህን 1. ንግስቲ ጉብረሚካኤል 2. ኣፍ/ የውሃንስ ጉብረሚካኤል መብራህቱ 2.2 ሰምሃር የውሃንስ ጉብረሚካኤል 2.3 ሚሮን የውሃንስ ጉብረሚካኤል 2.4 ሳሙኤል የውሃንስ ጉብረሚካኤል 2.5 ዳኒኤል የውሃንስ ጉብረሚካኤል 2. ሳምራዊት የውሃንስ ጉብረሚካኤል 3. እሲያስ ጉብረሚካኤል መርብራህቱ 4. ሙሴ ጉብረሚካኤል መርብራህቱ 5. ቶማስ ጉብረሚካኤል መርብራህቱ 6. ሳባ ጉብረሚካኤል መብራህቱ 7. ሉተንሰኤ ጉብረሚካኤል መብራህቱ ተኸሰስቲ ካብ ቁ/1 ክሳብ 7 ንዓኹም ዝምልከት ናይ ምቅሊት ውርሻ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ይቐየድ ስለዘሎ፡ ናይ ምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ንዕለት 9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ተኸሰስቲ ወ/ሩ ጉብረሂወት መብራህቱ ወ/ሩ ትብለጽ ወልደገርግሽ 1. ወ/ ሩ ክስተብርሃን ጉብረሂወት 1.1 ኣሉላ ክስተብርሃን 1.2 ኤርትራ ክስተብርሃን 2. / ሩ የማኑብርሃን ጉብረሂወት፡ 2.1 ሰለሞዊት የማኑብርሃን ጉብረሂወት 2.2 ኣውጉት የማኑብርሃን ጉብረሂወት፣ ብመንገዲ ከሰስቲ ወ/ሩ ጉብረሂወት መብራህቱ ወ/ሩ ትብለጽ ወልደገርግሽ ወኪል ወ/ረ ኣስቴለማርያም ገዘሀወት 3. ወ/ረ ኣስቴለማርያም ጉብረሂወት ናይ ምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልክም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣቶ ኪዳን ክፍለማርያም ይመስገን፡ ኣደይ መጻኸ ኣስመሮም ጭሮም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ኪዳን ክፍለማርያም ይመስገን፡ ሓፍተይ ለምለም ክፍለማርያም ይመስገን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ሃብቱ ጉብረማስቀል ምራጭ፡ ሓፍተይ ሉተብርሃን ጉብረማስቀል ምራጭ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 11/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰለሞዊት ኣብርሃ ሰጊድ፡ ኢንጅ ኣብርሃም ሰጊድ ዘርእዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሃብተስላሴ ዓልሸ ተወልዱ፡ ኣደይ ኣምለሰት ተኽለማርያም ቀላቲ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳሙኤል ባሂሩ ፍስሃ፡ ኣደይ ግደይ በርሀ ጉብረትንሳኤ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኢልሳ እስቲፋኖስ፡ ሓፍተይ ርዝና እስቲፋኖስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 3 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተፈሪ ጉብረትንሳኤ፡ ኣደይ ኣረጋሽ ጉብረሂወት ሃብቱ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ 2 ተተካእቲ ደቂ ሰወእ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ እዞዝርያ ዞሚካኤል ዑቕባዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ኣሰራት ተስፋማርያም ሃማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለሰንበት ሰዩም ቴድሮስ፡ ወለድና ሰዩም ቴድሮስ ሰረቐን ዑቕባማርያም ማናን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ኣቦነ መሉብርሃን ዑቕባስላሴ ምባል ተሪፉ፡ የሴፍ መሉብርሃን ዑቕባስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡ ጸጋይ ኣብርሃም፡ ኣቦይ ኣብርሃም ሃይሉ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሄብሮን ሃብቶም ከሰተ ምባል ተሪፉ፡ ሄርሞን ሃብቶም ከሰተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሊካ ማሕመድዓሊ ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ መሊካ መሓመድዓሊ ፋግር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳራ ቴድሮስ ተክለይ ምባል ተሪፉ፡ ሳሮን ቴድሮስ ተክለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በረኸት ኢሳይያስ መኻ፡ ኣቦይ ኢሳይያስ መኻ ሓሰሉ ስለዝዋረፈ፡ ከምኡ ድማ ኣደይ ትበርህ ሃብተ መድህን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽሊት መሓሪ ርእሶም፡ ብዓልቲ ቤተይ የርሳሌም ኣቶብርሃን ተኸስተ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 9/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሉተሚካኤል ኣስኮለ ዑቕባስላሴ፡ ወለድና ኣስኮለ ዑቕባስላሴ ወልደገርግሽን ሃለስት ወልደማርያም ጉብረጻድቕን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ክብረት ሃብተማርያም ካሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳልሕ ዐስማን እድሪስ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ገዛ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ ኣበባ ሓጎስ ብርሃነ፡ ተጻዋዕቲ ወረ/ነ/ሄር ኣድሓኖም ምስግንን ነ/ሪት ወ/ሮ ሓገሽ ሓድጉን 1. መብራህቶም ኣድሓኖም +4 ተተካኢ ወዲ ወረ/ሄር ሃደለ ኣድሓኖም 1. ዓወት ሃይለ ኣድሓኖም፣ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ትእዛዝ ፋይል ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ሙሴ ጉብረመድህን፡ ኣደይ ግደይ ጉብረእግዚኣብሄር ስእሉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣስመሮም ወልዳይ ሃደለስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ኣስመሮም ወልዳይ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሂወት ጉብረመድህንን ኣቶ ነጋሲ ወልደሰላሴን፡ ሰም ናይ ት/ዕድመ ወድና ሃብተሚካኤል ነጋሲ ወልደሰላሴ ምባል ተሪፉ፡ ሚልኪያስ ነጋሲ ወልደሰላሴ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 13/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፊሩዝ ምባል ተሪፉ፡ ኣርሴማ ኤፍሬም ጊላስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 13/01/26 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ የዕበዮ ወልዳይ ዑ/ሚካኤል፡ ኣቡሓጎና ኣፍ/ሄር ዑቕባሚካኤል ተስፋጽዮን ዓሊ ብኺት ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ምስ 05 ሓወቦታትናን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ራህዋ ሃ/ማርያም ተስፋ፡ ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪሉ፡ ብዓል ቤተይ ወልደትንሳኤ ተስፋ ዑቕባጋብር ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ፊኖ ኢሳቅ ቃልኣብ ምባል ተሪፉ፡ ሰላም ኢሳቅ ቃልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ትምኒት ሃብተ ጊልያዝጊ፡ ተጻዋዒ ኣቶ መድሃኔ ሰምና ዓንዲት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 15/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ የርድኖስ ጉብረስላሴ፡ ኣደይ ሉተብርሃን ሸሻይ ስብሃትልኣብ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 12/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን (ኣስመራ) ኣብ (TTI) ንዝርከብ ቤት ሻሂ ካብ 01/12/25 ክሳብ 31/12/2027 ንክልተ ዓመት ክብርዮ ስለዝደለዩ፡ ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም፡፡

ተጫራትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ተጫራትቲ ናይ ቤት ሻሂ ሊቸንሳ ዘለዎምን ሃገራዊ ግቡኦም ዘማልኡን ክኾኑ ኣለዎም፡ መረጋገጺ የቕርቡ፡፡
2. ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ የቕርቡ፡፡
3. ናይ ዓመት 2024 ግብሪ ዝኸፈሉ፡
4. ንኣገልግሎት ዝውዕል መሳለጥያታትን ንብረትን ባዕሎም የቕርቡ፡፡
5. መንነት ወረቐትን ነበርነትን ፎቶ ኮፒ የቕርቡ፡፡

ተጫራትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ዝርከብ ጨ/ቤ/ጽ/ ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ብወግዒ ጨረታ ይኽፈት፡፡

7. መኽበሪ ጨረታ (10,000) ናቕፋ ብCPO የትሕዝ፡፡
8. ተጫራትቲ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
9. ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ጨ/ቤ/ጽ/ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን (ኣስመራ) ብምምጻእ ወይ ድማ ብቁ/ተሌፎን 08371388/07311099 ብምድዋል ክትውከሱ ትኽእሉ፡፡

ሓበሬታ ንዘይለ፡ ፎርም ናይ ጨረታ ኣብ ቁ.308 ወይ ድማ ኣብ ቁ.309 ጨ/ቤ/ጽ/ ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ብምምጻእ ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡

10. ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ፡ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን (ኣስመራ)

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞ/ ማእከል ከተማ ጎደና 194 ቁ. ገዛ 12 ቁ/ምስክር ወረቐት 112656 መወከሲ ቁጽሪ 126534 ፕሎት 42 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 389.78 ት/ሜ 4 ክፍልታት 8 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዝተደኮነ፡ ብሽም ደገዞማች ተስፋሚካኤል ወርቃን ኣፍ/ሄር ሓረጉ ጉብረሂወትን ዝተመዝገበ፡ ወ/ሮ ኣብርሀት ተስፋሚካኤል ምስ 11 ኣሕዋተይ ዝተመዝገበ ብጽሒት ናይ ኣፍ/ሄረት ሓረጉ ጉብረሂወት ናብ ሽም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይ ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

የማነ ተስፋሚካኤል ወርቀ

# ርእይቶ

(2ይን መወዳእታን ክፋል)

ኢብራሂም ሓጅ
ሜልቦርን ኣውስትራልያ

## ብመጽሓፍ "ያናን በስክዲራን" ተደቢስና፡ ሓዘንና'ውን ዓጺና!

### ገለ ካብ ዘሕዝን ዛንታታት

"ሞት ቅጽዓት - ደሃይ ምጥፋእ ግን ሰንፈላል" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ መጽሓፍ ያናን በስክዲራን ካብ ዝሰፈረቶ ክጠቕስ፥

"ሰኑይ 30 ሕዳር፡ 1970 መዓልቲ ፍርዲ በስክዲራ ኣኺሉ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ካብ ሩባ ዓንሰባ ናብታ ዓዲ ገጾም ገስገሱ፡፡ ኣደይ ኣሙተ ኢሻቕ፡ ሰለስተ ዓመት ዝዕበር ተኽላይ ወደን ኣብ ዝባነን ናይ ኣዋርሕ ጥንሲ ድማ ኣብ ማህጸነን ተሰኪመን፡ ኣብ መንጎ ሞትን ህይወትን ተቐርቂረን ወዲለን ኣማእዩኡ ናብታ ንመቕተሊት ዝተመርጸት ማሰገድ ኣተዋ"... ይብል እሞ፡ "ካብ ማስጊድ ብህይወት ምስ ወጸት ድማ "...ብደምን ፈርስን ተሓጺባ ሬሳታት እናረገጸት ንፈርሒኤን፡ ካብኡ ንክረን፡ ካብኡ እናሰጎመት እንዳ ኣቦሓጎኣ ያና በጽሐት...ካብ ሞት ንስክላ ወጺኣ ናብ ሞት (ያና) ዝተደቕደቐት ኣደይ ኣሙተ ዳግማይ ንዕድላ ረገመት... ግን ዕድለኛ ኮይና ...ሓዊ ትተፍእ ካብ ዝነበረት ያና ብሰላም ወጸት.. ኣደይ ኣሙተ ስነ ኣእምሮኣዊ ሃሲያ ስለ ዝበጽሓ ምስ ህጻን ወዳ ተኽላይ ናብ መዕበያ ዘኽታማት ሳልምባ ከም እትኣቱ ተገብረ፡፡ ሕርሳ ኣኺሉ ወዲ ወሊዳ ሓድጉ ሰመየቶ፡፡ ሓድጉ ብመገዲ ሚስተር ሆዩ ናብ ዘርዓምዎ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ንቓኘው ኣስመራ ተወሲዱ፡ ጸኒሑ ድማ እቶም ኣርዓምቱ ሓኪሞ ንኣመሪካ ምስ ከዱ ድሕሪኡ ዝረኣዮ ቤተሰብ የለን፡፡ ተኽላይ ንመጨረሽታ ግዜ ሓዉ ዝረኣየላ ህሞት ብትካዘ ይዝክር፥

"ብጎንእሹቶይ ከለኹ ቤንቲኘቲ ሓሚመ ኣብ ቃኘው መጥባሕቲ ገይረ ነይረ፡፡ ሽዑ ንሓወይ ዘርዓሙ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ክርእዩኒ መጺኦም፡ ምስ ሓድጉ ተራኣኢና፡፡" ድሕሪ'ዚ ተኽላይ ንኺጋደል ብ1979 ንሜዳ ወጺኡ ብ1991 ነጻነት ኤርትራ ምስ ኮነ፡ ናብ ዓዱ ምስ ተመልሰ ዝሓደሮ ዘሕዝን ስምዒት፡ ከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፡ "...ተኽላይ ካብ ማስዋእቲ ተሪፉ ናጽነት ምርኣዩ፡ ልዕሊ'ቲ ንእኡ ዳግማይ ከም እተወልደ ዝፈጠረሉ ባህታ፡ ብጅግንነት ወዱ ዝኾረዐ ኣቦ ንኣምላኽ ሞሳ ትመልስ ወላዲት ብዘይምህላዋ ምሉእነት ሰኣነ፡፡ ብጅግንነት ሓዉ ዝሕበን ወዲ እኖ ብዘይምርካቡ ባዶነት ተሰምዖ፡፡ ተኽላይ 'ኣነ ካብ ዝተርፍ ኣይታተዮም ብሀንቀውታ ዝጸበዩኦም ስውኣት ሓደ ተሪፉ እንተዝኸውን' ክሱብ ምባል በጺሑ ነይሩ፡፡ ተኽላይ ኑቶም ካብ ዝኸሩ ዝሃሰሱ ኣቦኡን ኣደኡን ኣይናቱን ተጸብዩ፡፡ ንእኸ ወድንኡ ብዘይምርካቡ ግን ሓዙ ዓቐን ኣይነበሮን፡፡

ኣብ መጽሓፍ ያናን በስክዲራን፡ ኣብ ትሕቲ "እንዳ ሰ.ዲን ህልቂት ያናን" ዝብል ኣርእስቲ፡ ዛንታ እንዳ ሰ.ዲ ብስፊሕን ብዘደንቕን ኣገባብ ቀሪቡ ኣሎ፡፡ ገለ ካብኡ ከምዚ ይብል፥ "...ጉዳይ ኣብ ያና ዝወደቑ ሬሳታት ግን ተንጠልጢሉ ነበረ፡፡ ኣብ መጨረሽታ ብሰ.ዲ ዓብዱላሂ ሰ.ዲ ጃዕፈር ዝምርሑ ዓበይቲ ዓዲ፡ ናብ ኣዛዚ 31 ሻለቃ፡ ሌተና ኩሉዔል ወላና ጅዳ ብምኻድ......ሬሳ ወጻእተኛ ክቕበር (ኣብ ያና ዝተቐትለ ኢጣልያዊ ኣልፈንሶ ሎቶማገረ ጆቫኒ ሬሳ ኣብ መዓልቲ ህልቂት ከበ. ፍርቂ መዓልቲ ተላዒሉ ነይሩ) ናይ ደቂ ሃገር ኣራዊት ክበልዖ" ይብሉዎ እሞ፡ ሽዑ ወላና ኑቶም ብዘይገበሩዎ ዝተቐትሉ ንጹሃት ክቕበሩ ከም ዝፈቐደ ይገልጽ፡፡ ቀጺሉ፡ ነቲ ዝኣደ ታሪኽ ሰ.ዲ ዓብዱላሂ ብኸምዚ ይገልጾ፡ "...ሰ.ዲ ዓብዱላሂ ነቲ ክዕቆብ ዝመጸ ህዝቢ ምዕንጋሉ ፍሉይ ተርእዮ ኣይቆጸሮን፡፡ ግቡእ ስለ ዝነበረ ከኣ ስለ እቲ ዝተገፍዐ ህዝቢ ክጣበቐ'ውን ሓላፍነት ሰ.ዲ ነበረ፡፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ሰ.ዲ ዓብዱላሂ ንስለምታ ኢዱ ዝዘርጋሓሉም ኩሉዔል "ኢድካ ብደም ንጹሃት ረኺሱ እዩ፡፡ ንሕና ኣስከሬን ህዝብና ክንቀብር ጥራይ ክፍቀደልና ኢና መጺእናካ" ብምባል ብሕርቃን ከም ዝተዛረቡዎ ይዕለል፡፡ ሰ.ዲ ዓብዱላሂ በዚ ውዕሎት'ዚ ንመዋእል ብኽብሪ እናተዘከሩ ይነብሩ ኣለዉ፡፡ ንሶም ቅድሚን ድሕሪን ህልቂት ያና ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ኣበርክቶን ደገፍን ዝገበሩ ሓርበኛ ነበሩ እናበለ የዘንትዉ፡፡

ታሪኽ ንምፍታሽ ዝተሓልፈ ነዊሕ ጉዕዞ፡ ጸሓፊ፡ ንውጹእ መዓትን ስድራ ቤት ናይ ዝሃለቑን ንኽረኽብ ዝተጓዕዘ ዓድታት ውሑድ ኣይኮነን፡፡ ንኮርቱም ከይተረፈ ንክዳኘ እተባህለት ውጹእ መዓት ማሰገድ በስክዲራ ንኽረኽብ በጺሐ፡፡ ካርቱም ካብ በልና፡ ደራሲ ንእግረ-መንገዱ ብዝዕባ'ዛ ሱዳናዊት ርእሰከተማ ስእላዊ መግለጺ ሂቡና ኣሎ፡፡ ከም'ዚ ዝስዕብ ይብል፥ "እቲ ንኮርቱም ምስ እምድዱርማን ዘራኽብ ድልድል፡ ጻዕዳ ኒል ካብ ቀላይ ቪክቶርያ ሰሜናዊ ኒል ድማ ካብ ቀላይ ጣና ተበጊሶም ዝሓብሩላ "መግረን" ተባሂሉ ዝጽዋዕ መራኸቢ ቦታ'ዩ" ይብል፡፡ ከምዚ ዓይነት ዕላል ካብቲ ኣዝዩ ዘሕዝንን ዘንበድን melo-dramatic ዕላል ቀሩብ ግዝያዊ እፎይታ (distraction) ዝህብ ጥራይ ዘይኮነ ኺ ኹ'ውን ሕቡእ ስነ ጥበባዊ ምልከት ናይቲ ደራሲ ዘንጸባርቕ እዩ፡፡ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ብልጽቲ መጽሓፍ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ነበርቲ በስክዲራን ያናን ዝተፈጸመ ኣሰቃቒ ግፍዒ ምስናድ እንተኾነ'ኳ፡ እግረ መንገዱ፡ ታሪኻዊ ሓበሬታ ናይ ገለ ቦታታትን፡ ታሪኻዊ ኣሰፋፍራ ናይቶም ተቐማጦን፡ ዝኣምኑሉ ሃይማኖት ብኸመይ ከም ዝረዓሙን ናብቲ ዝርከብሉ ሰፍራ ብኸመይ ከም ዝመጹን ዝምልከት ድሕረ ባይታ የቕርብ፡፡

### ወጻእተኛታት

እቲ ኣብ ያና ዝተፈጸመ ህልቂት ክንጾ ደቀባት እቲ ከባቢ ንጹጓዩ ከይተረፉ ከም ዝርከቡዎም ኣብዚ መጽሓፍ ነንብቦ፡፡ ኣብ ትሕቲ "ኢጣልያዊ ግዳይ ህልቂት ያና" ዝብል ኣርእስቲ ነንብቦ፡ እቲ ኣብ ጀርዲን ኣርተላ ዝተቐትለ ጣልያናዊ ሎቶማገረ ጆቫኒ ዝበሃል እዩ ነይሩ፡፡ ብኻልእ ሸነኽ ምቕታል ናይቲ ጣልያን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ያና ዝወረደ ግፍዒ ብማሕበረ ሰብ ኢጣልያውያን ንክኹነን ከም ዝደረኸ ደራሲ የብርህ፡፡ ኣብ ትሕቲ "ህልቂት ያናን ሚስተር ሃዩን" ዝብል ኣርእስቲ ድማ፡ እቲ ሚስተር ሃዩ ዘበርከቶ ዝኣደ ዓቢ ሰብኣዊ ሓገዝ ብሰፊሕ ተገሊጹ ኣሎ፡፡ ካብቶም ሚስተር ሃዩ ዘበርከቶም ሰብኣዊ ተግባራት ምምስራት መዕበዩ ዘኽታማት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ምህናጽ ሆስፒታል እዩ፡፡ እዘን ክልተ ትካላት፡ ኑቶም ኣብ እዋን ህልቂት ያና ዝተጎድኡ ግዳያት ኣብ ምሕካምን ኑቶም ናይ ዘኽትምና ዕጫ ዝወረዶም ህጻናት ኣብ ምንባይን፡ ዘደንቕ ግደ ከም እተጻወታ ኣብ "ያናን በስክዲራን" ተሰኒዱ ንረክቦ፡፡

### ግደ መራሕቲ ሃይማኖት

እቲ ኣዝዩ ዝኣደ ዓቢ ሰብኣዊ ግደ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ኣብዚ መጽሓፍ ጎሊሑ ተሰኒዱ ኣሎ፡፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ህዝቢ ያናን በስክዲራን ዝወረደ ግፍዒ ተቖጢዖም ናብ ዓበይቲ ሰበስልጣን ከይዶም ተቓውሞኦም ካብ ዘስምዑ መራሕቲ ሃይማኖት - ኣባ ኣንስቲኖ ተድላ፡ "..ናብ ኣስራተ ካሳ ከይዶም...እዚ ኣብ ግዝኣትኩም ዝፍጸም ዘሎ ህልቂት ትሰምዕዎ ኣለኹም፡፡ ወተሃደራትኩም ሓንቲ ኣበሳ ንዘይብሉ ሰላማዊ ህዝቢ ብሳንጃን ብጥይትን እናህለቑ ደም ንጹሃት እናፍሰሱን ትም ኢልኩም ትዕዘብዎም ኣለኹም፡፡ እንተኾነ ደም ንጹሃት ሃዋንታ ኣሎዎ" ብምባል ገዲፎምዎ ወጹ፡፡ ደራሲ፡ ነዚ ካብ መጽሓፍ "ሆስፒታል መካነ ሕይወት ንጎረሮኣ ትመስክር" እትብል ብኣባ ጠዓመ ጉብረጻሃኣስ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ እዩ ተወኪሱዎ፡፡ ተቓውሞ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንሷዋ እውን ብሰፊሑ ኣብዚ ታሪኻዊት መጽሓፍ

ተሰኒዱ ንረኽቦ፡፡ እዚ ትሰዕብ ደራሲ ዝተጠቕመላ ገላጺት (insightful) ትዕዝብቲ ካብ ዝሰሓቢ እያ፡ "...ኣቡነ ኣብርሃ ማለትም ኢኳስን ማርቲን




ሉተር ኪንግን ኣንጻር ኣድልዎ ጸለምቲ ኣብ ዝገበር ዝነበረ ቃልሲ ካብ ዘስምዕዎ መደረ ዝሕይል ቃል እዮም ኣሰሚዖም፡፡ ፍልልዩ ኣቡነ ኣብርሃ ኣብ ቅድሚ ከይትዛረብ ዝኽልክሉ ቀተልቲ ተዛሪቦም ብህይወት ክቕጽሉ ከለዉ፡ እቶም ጸለምቲ ኣመሪካውያን ግን ዝተረኣየካ ኣብ ትዛረቡሉ ዓለም ንማሰሎም ተጣቢቖም ምቕታሎም ጥራይ እዩ" ከኣ ይብል፡፡

### ብዛዕባ ቋንቋ ዝምልከት

ኣብ መደምደምታ ብዛዕባ እቲ ኣብዚ መጽሓፍ ዝተዓዘብኩዎም ገለ ገለ ፍሉያት ቃላት ክጠቅስ እፈቱ፡ ደራሲ ኣብዚ ብትግርኛ እተጻሕፈት መጽሓፉ፡ ገለገለ ናይ ትግረ/ዓረብ/ ብሊን ቃላት ክጥቀም ንዕዘብ፡ እዚ ድማ እቲ ቦታ (setting) ከበ. ከረን ምኻኑ ኣብቲ ከበ. ዋላ ተዛረብቲ ትግርኛ ዘዘውትሩዎ ቃላት ብምኻኑ ርትዓዊ ይኹነር፡፡ - ሕማቕ ነሲብ (ሕማቕ ዕድል/ዕጫ) ዝጸሓፎም - መንሹራት - ማሕወል ኡሚያ (ምጥፋእ መሃይምነት) - ተወዝዐ (ምስ ጸላኢ ምስ ዝቃለሱ ብጾት ተወዝዐ ) - ፈርሻ እኽሊ - እንዳ ሓዳደን - ጅብኡ ብማል ሓረም መልኣ - ኑቶም ኣቡኣን ዝበሩ (ኣትሚሙ) ናብ ሳልሳይ ዘቐፀ - ወርቃን ፍዳን (ሓሪጣ) ካቡቶ - ተመዳደን ወዓላ - ብክንደይ ምትሕላይ - ኣብ እገዜና ዝበረት ተላል - እስላማዊ መዝሙብ - እስትሕቃርን ካልእን፡፡

### ምስጋና

ደራሲ፡ ን"ያናን በስክዲራን" ንኣብ ውዕሎቱ ምስጋና ብምቕራብ እዩ ዝፍልጦ፡፡ ካብኣቶም ነቲ ብፍሉይ ምስጋና ዝጠቐሶ ንሓላፊ ክፍሊ ምርምርን ሰነዳን ንተጋዳላይ ዘምህረት የማነ እዩ፡ "..ብጻይ ዘምህረት፡ ንህልቂት ያናን በስክዲራን ተገዲሱ ክሰርሓሉ ሓሳብ ኣንቂሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብቐደዩ ምስክርነታት ክሰንድ ሓይሊ ሰብን መሳለጥያን ኣኽቲቱ ደራኺ ተራ ተጻዊቱ እዩ፡..ኮታስ ዓንዲ ሕቖ ናይዚ ዕዮ'ዚ ነይሩ" ኢሉ ገሊጽዎ ኣሎ፡፡ ንሕና እውን ከም ኣንበብቲ ንሓውና ዘምህረት እዚ ታሪኻዊ ሰነድ ንምስናድ ዝወሰዶ ስጉምቲን ንደራሲ ምድጋፉን ካብ ልቢ ነመስግኖ፡፡

### መደምደምታ

ኣብ መወዳእታ ጸሓፊ ሄረርኣብ ኣዛዚ፡ ነዚ ኣዝዩ መስተንክር ዝኾነ ናይ ሰኑዳ ዕዮ ወዲእካ ንመጽሓፍካ ኣብ ምሕታም ምብቃዕካ የቐንየልና! ንሕናን ቤተ ሰብ ግዳያትን በዚ ስራሕ'ዚ፡ ተደቢስናን ሓዘንና ዓጺናን፡፡ ኣብ መጻኢ፡ ትጽቢትና ካብኻ ዓቢ እዩ፡ እቲ ዝጸበየካ ዓቢ ብድሆ፡ You have raised the bar and set a lofty standard that might prove challenging to live up to as you embark on future literary endeavours...

የቐንየለይ፡፡

# ካብ ዘባታት

## ኣጠቓቕማ ሞባይል ብተመሃሮ ናበይ ገጹ'ዩ?

ብስራት ተመስገን

ዘመናውያን መሳርሒታት ብዘተፈላለየ መንገዲ ናብ ቤትና ብምእታው፣ ቀለስቲ ሓዳርን ደቅናን ክኾኑ ካብ ዝርአዩ ሓጺር ኣይኮነን። ብዙሓት ኤለክትሮኒካዊ ኣቑሑ ንደቂ ሰብ ናብራ የቐልሉ ዝተባህሉ፣ ናብ ዕዳጋ ወሪዶም ብህዝቢ ተቐባልነት ዝረኸቡ ውሑዳት ኣይኮኑን። ተንቀሳቓሲት ተሌፎን ማለት ሞባይል'ውን ናይ'ዚ ኣብነት እያ። ሎሚ ብዓለም ደረጃ ካብ ዝሑሰ ክሳብ ዝዓበየ ኻ መሳርሒ ዘይዓጠቐ ፍጡር ወዲ ኣዳም የለን ክበሃል ይከኣል። ሎሚ ሓበሬታ ኣብ ኢድ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብቐሊል ዝበለ መንገዲ ክበጽሕ ክኢሉ ኣሎ። ሓበሬታ ከኣ ልክዕ ከም ሓደ በሊሕ ካራ እዩ፣ ጸቡቕ ጎድንን ሕማቕ ጎድንን ኣለዎ። ኣብ መዝገበ ሚዚን እቲ ኣሉታዊ ጎድኒ ካብቲ እወታዊ ጎድኒ እንተ ዛዕዱ፣ ኣብ ምድንፋዕ እወታዊ ጎድኒ ብዙሕ ስራሕ ከም ዘድልየና ንምልከት።

ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዓና ሓርነት፣ ንኣስ ዞባ ደቀምሓረ፣ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 2024/2025 ካብ ዝተሳተፉ 224 ተመሃሮኡ፣ እቶም 113 ተመሃሮ ማለት 50.1% መሕለፊ ነጥቢ ረኺቦም። ካብ'ዚኣቶም፣ እቶም 13 ተመሃሮ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ዘምጽኡ እዮም። በዚ ውጽኢት ተላዒዙ ቤት ትምህርቲ ዓና ሓርነት ተዓዋቲት ናይ'ቲ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ዝዕደል ሽልማት ደንደን ኮይና። በዚ ከኣ ኣብነታዊት ቤት ትምህርቲ ዘሎዖ ደረጃ ተጎናጺፋ።

ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ዓምዲ ካብ ዞባታት፣ ንተጠቃምነት ሞባይል ኣብ ተመሃሮ ዝምልከት'ዩ ክኸውን። እዚ ከኣ ሞባይል ንተመሃሮ ሓጋዚት ድያ ኣዕናዊት ኣብ ዝብል፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ዓና ሓርነት ብምኻድ ንዳይረክተር መም/ ኣስመሮም ታደሰ፣ ከምኡ'ውን ንኣቦ መንበር ኮሚቴ ወለዲ ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ መም/ ዓብደኑር ሓሚድ ሓሳብ ተወኪሱና ዘዳለናዮ ክኸውን'ዩ። ስለዚ፣ ኣብ ኣልያ ተመሃሮን እዋናዊ መፍትሒኡን ኣመልኪትና ዝገበርናዮ ዕላል ናባኹም ከቢብሎ ኢና።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓና ሓርነት ዝበዝሑ ተመሃሮ ናይ ግዱእ ርእሶም ሞባይል ይውንኑ። እቶም ሞባይል ዘይሓዙ ተመሃሮ'ውን ብርቱዕ ጸቕጢ ማዛና ኣለምም። ተመሃሮ ንሞባይል ንኣድማዒ መዓላ ይጥቀሙላ'ዶ ንዝብል ሕቶ፣ መም/ ኣስመሮም ክገልጽ ከሎ፣ ዝበዝሑ ተመሃሮ ንሞባይሎም ንብልሒ ዝሰዩ ኣፕሊኬሽናት ወይ ሶፍትዌራት ከም ዝጽዕኑወን፣ ምስኡ ድማ ግዜኦም ዘቃጽልሉም ብዙሕ ቲክቶክን ፊልምታትን ከም ዝሕዝሉን ይሕብር። እዚ ድማ ንስርዓተ ምምሃርን ምስትምሃርን ከም ዘጉናድቦ የመልክት። እዞም ኣብ ዕዳጋ ዝርከቡ ሓጺርቲ ቪድዮታትን ፊልምታትን ማሰጥቲ ብምኻኖም፣ ንተመሃሮ ብቐሊሉ ኑበሶም ክጎትቱ ከም ዘጎምምም ከኣ መም/ ኣስመሮም ወሲኹ የረድእ። በዚ ከኣ ኑቲ ዝሸመትዎ ፊልምታት ምሉእ ምሽት ክርእይዎ ከም ዘምስዩ፣ ብሰንኪ'ዚ፣ ብዙሓት ተመሃሮ ኣብ ሰዓታት ትምህርቶም ከም ዝድንገዩ የብርህ። እዚ ክበሃል ከሎ ግን፣ ብኣጸበዕ ዝቑጸሩ ተመሃሮ ንሞባይሎም ኣብ ጸቡቕ መዓላ ዘውዕሉ ከም ዘለዉ ምዝካር ከም ዘድሊ መም/ ኣስመሮም ይሕብር።

ካብ'ዚ መም/ ኣስመሮም ዝበሎ ከይወጻእና፣ ተመሃሮ ኣብ ኣንጎሎታት ሞባይሎም ሓዚም ገይም ክጻወቱ፣ ፊልምታት ክርእዩን ንሓድሕዶም ክተሓላለፉን ንዕዘብ ኢና። ብኣንጻሩ፣ ኣብ ገዛውቶም ኩዕሶ ዝጻወቱን ካልእ ንጥፈታት ዘካይዱን መንእሰያት፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሓዱ ይመጽኡ ኣለው። እዚ ከኣ ብሰሪ እዛ ኣብ ኢደዎም ትረኽብ ሞባይል ምኻኑ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓና ሓርነት፣ እንትርፎ ኣብ ናይ ኮምፕዩተር ትምህርቲ፣ ኣብ ካልእ ግዜ ሞባይል ሒዝካ ናብ ቤት ትምህርቲ ምምጻእ ኣይፍቀድን እዩ። ተመሃሮ ሞባይል ሒዞም ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ እንተ ተረኺቦም፣ ብሕጊ ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ከም ዝቕጽዑ መም/ ኣስመሮም ይገልጽ። "ሎሚ ዝበዝሑ ተመሃሮ፣ ካብ ክንብቦ ክርእዩን ክሰምዑን'ዮም ዝደልዩ። እዚ ከኣ ኑቲ ናይ ንባብ ሽውሃቶም ብትኽክል ዓጽዩዎ እዩ። ተመሃራይ እንተ ዘይኣንበበን እንተ ዘይተመራመሩን ግን፣ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ኣይበጽሕን'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፣ ጸቡቕ መጻኢ ክህልዎ'ውን ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ፣ ንባብን ምርምርን ብርሃን ናይ ሂወት ስለ ዝኾና። ለቦማት ኣቦዋት'ውን 'ዘንብብ ይዕንብብ' ክብሉ፣ ጥቕሚ ንባብ ንሓንጎልን ምዕባለን ተመሃራይ መሰረታዊ ከም ዝኾነ ኣዘራርምዎ እዮም። ስለዚ፣ መጻኢ ደቅና መታን ጸቡቕ ክዓዝዝ፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ሞባይሎም፣ ዕቱብ ቁጽጽርን ምክትታልን ክግበረሎም ይግባእ" ድማ ይብል መም/ ኣስመሮም።

ዝበዝሓ ናይ ተመሃሮ ሞባይላት ብስድራኦም ኣይፍተሻን'የን። ኣብ ሞባይሎም እንታይ ቪድዮታት ኣሎ፣ እንታይ ኣፕሊኬሽን ኣሎ፣ ጸዩፍ ስእልታት ከ ኣሎ ዲዩ? ብሓፈሻ፣ ክፍተሽ ኣለዎ። ክንደይ ወለዲ እዮም ከ ንሞባይል ብዞቦኡ ዝመልከቱዋ እንተ ኢልና፣ ነፍሲ ወከፍና ወለዲ ክንምልሶ ዝኽእል ሕቶ'ዩ። ሞባይል ብዙሕ መሕበኢ ኣፕሊኬሽናት ስለ ዘለዋ፣ ኑቲ ዝደለኻዮ ደኺመንት፣ ሰብ ዘይርእዮ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፣ ተመሃሮ'ውን ካብ ስነ ምግባርን ክብርታትን ሕብረተሰብ ወጻኢ ነገራት ክላዓበኣላ ስለ ዝኽእሉ፣ ስድራቤታት ዝኢ ኣብ ምግንዛብ ክድንገዩ ኣይግባእን።

ካልእ፣ ወለዲ ብሰንኪ ተመሃሮ ደቆም ሞባይል ምሓዞም፣ ምስኦም ዘዕልሉሉ ግዜ ስኢኖም ኣለው። ብሰንኪ'ዚ ከኣ ደቆም ማስምዲ ድምጺ (ኣፎን) ኣብ እዝኖም ወቲፎም ዝተፈላለዩ ነገራት ክዕዘቡ ከለው፣ ወለዲ ድማ በናም ኣፍሊሖም ቴለቪዥን እናረኣዩ ይዛናግዑ። እዚ ከኣ ኑቲ ናይ ስድራቤት ወግዒ፣ ወረር ዘኢቱ መሳርሒ እዩ ኢልካ ክትገልጾ ከም ዝከኣል መም/ ዓብደኑር ሓሚድ ይገልጽ። ስለዚ፣ ወለዲ ዝ ምብህዛል ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራቤታት ዝርሕቕ ተርእዮ ከይቕሐሉ ይግባእ።

ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፣ ካብ ክሊ ዕድመ 15 ክሳብ 18 ዘለዉ እዮም። እዚ ከኣ እቲ ወዑይ ግዜ ጉብዝና ወይ ግርዝውና እዩ። ኣብ'ዚ፣ መንእሰያት ኣብ ምንቃሕ ዘለና ተራ ክዓቢ የድሊ። ምኽንያቱ እንታይ ይጎድኦም እንታይ ከ ይጠቕሞም ግንዛበኦም ድሩት ስለ ዝኾነ። ዕድመ ብዘይረኸቦ ታህዋኽ፣ መንእሰያት ተመሃሮ ንኹሉ ኣቋራጭ ክገብርዎ እዮም ዝደልዩ። ንኣብነት፣ መምህር ኣብ ሰሌዳ ይጽሕፍ፣ ንሱቶም ግን ኣብ ክሳስ ክንዲ ዝጽሕፍዎ፣ ኑቲ መምህርም ዝጸሓፎ ስእሊ ብምውሳድ፣ ኣብ ገዛኦም ክጽሕፍዎ ንዕዘብ። ኣብ ክሳስ ደኣ እንታይ ይገብሩ ማለት እዩ? እንተ ተባሂሉ፣ ሓደ ካብ'ቲ መልሲ፣ መምህር ከይርእዮም እናተሓብኡ የዕልሉን ይዛናግዑን ማለት'ዩ። ኣብ'ዚ ዲሲፕሊን ተመሃሮ ክጉድሎ ይኽእል እዩ። ሽሕ እኳ ተመሃሮ ሞባይል ሒዞም ክመጽኡ መምርሒ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዘፍቅድ ኣይኮኑን፣ ተመሃሮ ግን ተሓቢኦም ክጥቀሙ ይርከቡ ምኻኖም'ዩ መምህር ዓብደኑር ዝጠቕሰ።

ንኣሽቱ ቈልዑ ኣብ ገዛ ምስ ዝርብሹ፣ ምእንቲ ሱቕ ክብሉልካ ሞባይል ምሃብ ልሙድ'ዩ። በዚ ከኣ ኑቲ ብኸዩቶም ተዐጊሶ። እዚ ዝፈጠሮ ልማድ፣ እቲ ቈልዓ ምስ ዝዓርቕ ሞባይል ክጥቀም'ዩ ዝደሊ። ጽንሕ ኢሉ ከኣ ናቱ ሞባይል ክውንን ይህንጥ። ሞባይል ከኣ ከም ሞግዚት ኣደ ኮይና ክትምህሮ ትጅምር። ተራ ወለዲ ኣብ ምዕባይ እቲ ቈልዓ ምስ ሎጂስቲካዊ ቀረብ ጥራይ ይተኣሳሰር ማለት'ዩ፣ ወለዱ ዘኮማእዘንዎ ቈልዓ ግን እንታይ መጻኢ ክህልዎ ይኽእል? ዘተሓሳስብ ሕቶ'ዩ። ስለዚ፣ ውሑሉል ኣጠቓቕማ ሞባይል እንተ ዘይተገይሩ፣ ዕንወቱ ዓቢ ከም ዝኾነን'ዩ መምህር ዓብዱኑር ስክፍታኡ ዝገልጽ።

እዛ ዘመናዊት መሳርሒ ሞባይል፣ ሽሕ'ኳ ጥቕማን ረብሓኣን ዕዙዝ እንተ ኾነ፣ ሰፊ ዘይብል ኣዕናዊ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከተውርድ እውን ትኽእል እያ። ንኣብነት፣ ብዙሓት ህጻናት፣ ንነውሕ ዝበለ ሰዓታት ሞባይል ይጥቀሙ'ዮም። እዚ ከኣ ኣብ ኣእምሮኦምን ኣቃውማ ኣካላቶምን ዘንደብር ተርእዮ ዝፈጥር'ዩ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ዘይንብር ዕድመኦም፣ ብጡዙሒ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ፣ ከምኡ'ውን ምጭብባጥ ክሳድን መንከብን ክፍንፎም ይርአ። ምስኡ'ውን ናይ ዓይኒ ሕማም (digital eye syndrome) ይሓሙ። ምልክታት ናይዚ ሕማም፣ ድርቀት ዓይኒ፣ ዘይንጹር ርእየትን ሕማም ርእስን እዮም። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ከኣ፣ ኣብ ሂወቶም ድኹም ጭዋዳን ድኹም ምርድዳእ ምስ ሕብረተሰብን፣ ምኽራሽን ዘይተደልየ ወልፍን የስዕበሎም። ማዕረ ማዕረኡ፣ ክጉብር'የ ዝብል ስምዒት ፈጠራውነትን ብልሕን ህጻናት ዘጥፍእ ስለ ዝኾነ ክውገድ ዘለዎ እዩ። ኣብ ክንድኡ፣ ደቅና ኣብ ገዛውቶም ሓቢሮም ዝጻወቱሉ ኣጋጣሚ ክፈጥር ኣለዎ።

ዕንወትን ተሰኡ ምቑራጽን ኣብ ኣእምሮ ዘውዳእ ሓሳብ'ዩ። ልዕሊ ዓቐን ሞባይል ምጥቃም ድማ ኣብ ኣእምሮ ተጠቃማይ ተመሳሳሊ ሃሲያ'ዩ ዘውርድ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘጽርዎ፣ ተመሃሮ ሻድሻይን ሻውዓይን ክፍሊ፣ በሮ ይኹን ርሳስ ተጠቒሞም ኣብ ጥራውዝቶም ክጽሕፉ ከም ዝሸገሩ ተሓቢሩ።

ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO)፣ ኑቲ ኣሳኪፊ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ሕሉፍ ኣጠቓቕማ ሞባይል ብመንእሰያትን ህጻናትን ኣመልኪቱ፣ እዞም ዝስዕቡ ጠቕምቲ ሓበሬታታት ዘርጊሑ ኣሎ። እቲ ሓበሬታ ምስ ክሊ ዕድመ ህጻናት





መም/ ኣስመሮም ታደሰ

ብምንጽጻር ዝወጽአ ኮይኑ፣ እዚ ዝስዕብ'ዩ–

- ካብ ዕድመ 2 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድመኦም ህጻናት፣ ብፍጹም ሞባይል ክጥቀሙ የብሎምን።



መም/ ዓብደኑር ሓሚድ

- ካብ 2 ክሳብ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት፣ ሞባይል ዝጥቀሙሉ ግዜ፣ ኣብ መዓልቲ ካብ ሓደ ሰዓት ዘውሕድ እንተ ኾነ ተመራጺ እዩ።
- ካብ 5 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድመኦም ህጻናት ከኣ ሞባይል ክጥቀሙ ከለው፣ ኣብ ብሉጽ ትሕዝቶ ኣብ ዘለዎ ትምህርትታት ከድህቡ ይመከር።
- ብተወሳኺ፣ ካብ ምጥቃም ሞባይል ናጻ ግዜ ምውናን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ቁርሲ፣ ምሳሕን ድራርን ሞባይል ዘይምጥቃም። ካልእ፣ ክልተ ሰዓት ቅድሚ ምድቃስና፣ ሞባይል እንተዘይ ተጠቒምና ተመራጺ እዩ።
- ህጻናት፣ መታን ክዛናግዑ ሞባይል ሒዞም ናብ መደቀሲ ክፍሎም ከይከዱ ምክትታል።
- ህጻናት ኣብ ግዳም (ሜዳ) ወጺኦም፣ ከም ኩዕሶ እግሪ፣ ኣጊያይን ካልእን ዝጻወቱሉ ዕድል ምፍጣር።
- ህጻናት፣ ጥዕናኦም ዘውሕስሉ መዓልታዊ ኣካላዊ ንጥፈታት ክዘውትሩ ምትብባዕ።

ዘመናውያን ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒታት ዝበዝሉ ከም ሞባይል፣ ታብለት፣ ላፕቶፕ፣ ቴለቪዥንን ካልኦትን ኮይኖም፣ ብዙሕ ዕድላት ትምህርቲ ዝፈጥሩ እዮም። ጸጋማት ምልከት ቋንቋ ኣብ ምፍታሕ፣ ሓፈሻዊ ፍልጠት ኣብ ምዕባይ'ውን ዕዙዝ ተራ ይጻወቱ። ገለ'ውን ብልሒ ኣእምሮ ተባሂሎም ዝዳለዉ መዛናግዒታት ሶፍትዌር ስለ ዘለዉ፣ ንተመሃሮ ግድላት ኣብ ምፍታሕ ልዑል ኣበርክቶ ዝህቡ እዮም። ስለዚ፣ ጥቕምታት ሞባይል ብዙሕ'ዩ። የግዳ ደቅና ኣብ ኣጠቓቕማ ሞባይል ሓላፍነታውያን ክኾኑ ስለ ዘለዎም፣ ናይ ኩላትና ደገፍ ዝሓትት'ዩ። እንተ ተኻኢሉ'ውን ካብ ሰሉይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘሎ ግዜ፣ ናይ ትምህርቲ መዓልታት ስለ ዝኾነ፣ ተመሃሮ ደቅና ሞባይሎም ዘወግዱሉ መድረኽ ክንፈጥር፣ ኣብ ቀዳመ ሰንበት ድማ ንዝተወሰነ ግዜ፣ ንትምህርቶም ዝጠቕሞም ነገራት ክጥቀሙላ ከፍቅደሎም፣ መምህር ኣስመሮም ታደሰ ይመኽር።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ግብራዊ ኣርኣያ

### ኣብነታዊ ሰብ መሃሪ ድዩ?



ኣብ ገዛኡ ድሙ ርእዩ ዘይፈልጥ ቈልዓ፡ ኣብ ካልእ ገዛ ከይዱ ንመጀመርያ ግዜ ድሙ ምስ ርኣየ ብስምባደ ኣብ ሕቝፊ ኣደኡ ሸጕጥ በለ። ኣደኡ እታ ድሙ ዝኾነ ነገር ከም ዘይትገብሮ ብምንጋር ክትንክፉ ኣተባብዓቶ፣ እንተኾነ እቲ ቈልዓ ኣቕበጸ። ብዘረባኣ ክተኣማመን ከም ዘይከኣለ ምስ ኣስተብሃለት፡ ነታ ድሙ ሓቝፋ ክትደራርዛ ጀመረት። ቀስ በቐስ ከኣ ብኢዱ ከም ዝትንክፋ ብምግባር፡ ምስታ ድሙ ከም ዝለማመድ ገበረት። እዚ ኣገባብ ንብዙሓት ወለዲ ዘደንቕ ጥበብ ኣይኮነን፣ ዘበዝሐ ግዜ ዝጥቀምሉ ስለዝኾነ። ውላድና፡ ኣርእዮዎ ዘይፈልጥ ተግባር ምስ ዘርእየና ፈለማ እንሓቶ ሕቶ፡ "ኣበይ ርእይኻዮ?" ወይ ከኣ "መን ከምኡ ክገብር ርኢኻ?" እዩ። ሰብ ብሓፈሻኡ፡ ቈልዓ ከኣ ብፍላይ ብዝርኣዮ ከም ዝጽሎ ይርድኣና እዩ። ብኸመይ ግብራዊ ስራሕ ይጸልወና ግን እንፈልጦ ውሑዳት ኢና። ስለምንታይ እቲ ቈልዓ ካብ ዘረባ ኣደኡ ንላዕሊ ግብሪ ናይ ኣደኡ ኣተኣማሚኑዎ? ዘበዛሕና ምርኣይ ምእማን ስለዝኾነ ክመስለና ይኽእል እዩ። ካብ ዝሰማዕናዮ፡ ዝርኣናዮ ነገር ዝያዳ ከም ዘተኣማምነናን ዝምህረናን ርዱእ እዩ። እቲ ምኽንያት ግን ኣብዚ ዝሕጸር ኣይኮነን። ኩሉ ዓይነት ምምሃር ምስ ብልሒ ኣእምሮን ክፉትነት ይተኣሳሰር እዩ። ሰብ ኣብ ግዜ ቊልዕነትን ኰትትናን ዝያዳ ናይ ምምሃር ዓቕምን ክፉትነት ስለ ዘሎዎ፡ ቈልዑን ኮተቴን ዝያዳ ናይ ምምሃር ዕድል ኣሎዎም። ካብ ኩሉ ኣገባባት ትምህርቲ ከኣ፡ እቲ ብግብራዊ ኣርኣያ ዝተሰነየ ትምህርቲ ኣድማዒ እዩ። ምኽንያቱ ሓንጐልና ናይ ምቕዳሕ ልዑል ክእለት ስለ ዘሎዎ። ሓንጐልና 'ሚረር ኑውሮ ሰይስተም' ዝተባህለ ዝተራቐቐ መርበብ ኣሎዎ። እዚ ከኣ ካብ ዝርኣናዮን ኣብ ከባቢና ዝርከብን ነገር ክንመሃር፡ ማሕበራውን ሞያውን ክእለታት ከነዕቢ፡ ምስ እኩብ ሰብ ከንብረና ዝኽእል ስነ ምግባርን ክብርን ከነዕቢ፡ ... የኽእል።

ንኻልእ ሰብ ናይ ምቕዳሕ ተፈጥሮኣዊ ክእለትና ግን እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል። ጽልዋ ዘዝርኣናዮ ምቕዳሕ፡ ኣብቲ እንርእዮ እዩ ዝምርኰስ። ኣብ ከባቢና ዝቕዳሕ እወታዊ ንጥፈታትን ግብርን ምስ ዝህሉ፡ እወታዊ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል። ብኣንጻሩ ምስ ዝኸውን ከኣ ኣሉታዊ ውጽኢት ንረኽበሉ። በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ ከኣ ብግብሪ ክምህር ዝኽእል እወታዊ ኣካይዳ ዘሎዎ ኣብነታዊ ሰብ ዘገድስ። 'ኣብነታዊ ሰብ' ናይ ምምሃርን ምጽላውን ሓይሊ ኣሎዎ። ፍሉይነት ኣብነታዊ ሰብ ክምህርን ክጸሉን ስለ ዝኽእል ዘይኮነ፡ ኣብቲ ዝኾነሉ ትሕዝቶ ወይ ባህሪ ዝተሰረተ'ዩ። እምበር ሰብሲ ካብ ኩሉ ነገር እዩ ዝመሃር፣ ካብ እሩም ተግባር ከምኡ እውን ካብ ዘይእሩም ተግባር። ኣብነታዊ ወይ ኣርኣያ እንብሎ ሰብ፡ ብግብሩ እወታዊ ጽልዋ ከሕድርን ክምህርን ዝኽእል ሰብ ማለት እዩ። 'ኣብነታዊ' ወይ 'ኣርኣያ' ሰብ ዝብል ማሕበራዊ ደረጃ፡ ካብ እምነትን ዕግበትን ውልቀሰብን ሕብረተሰብን ዝወሃብ ሽመት እዩ። ኣብነታውያን ምኳኖም ዘይፈልጡ ብዙሓት ኣብነታውያን ሰባት ኣለዉ። ኣብ ዝበዝሐ ኣጋጣሚ፡ ኣርኣያ ዝኾኑ ሰባት እቲ ዝመርጽዎ መገዲ ስለ ዘኣምኑሉ እምበር ኣብነታውያን ንምኳን ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ከኣ ትሕትና ዘሎዎም ኮይኖም ይጸንሑ። እዚ ማለት ግን ብዕላማ ኣርኣያ ክትከውን ምጽዓር ኣበር ኣሎዎ ማለት ኣይኮነን። ስራሕናን ተመኵሮናን ንኻልኦት ኣርኣያ ይኸውን ከም ዘሎ ምስ ፈለጥና፡ ብዕላማ ሓላፍነትና ክንዋጽኦ ኣካል'ቲ ኣርኣያ ምዃን እዩ።

## መን'ዩ ኣብነታዊ ሰብ?

ኣብ ዓለም እልቢ ዘይብሉ ዕዉትን ኣብነታውን ሰብ ኣሎ። ኣብ ህይወትና ኣብነታዊ ኢልና እነሓስቦ ግን ካብ ሓደ ወይ ክልተ ሰብ ዘይሓልፍ እዩ። ኣብነታዊ ሰብ፡ ብማሕበራዊ፡ ሞያዊ፡ ኣካዳምያዊ፡ ስነ ምግባራውን ካልእ ረቛሒታትን እተሃንጸ ኣርኣያ ወይ ሞደል እዩ። እዚ ረቛሒታት ፈለማ ሕብረተሰብ እዩ ዘቝሞ፣ ዕድመን ተመኲሮን እናደለብና ምስ ከድና ናይ ውልቅና ረቛሒታት ክንውስኹሉ ንጅምር። ቈልዑ፡ ንወለዶምን መምህራኖም ከም ኣብነታውያን ሰባት ይርእዩዎም። ምስ ዓበዩ ግን ብመንጽር እቲ ዝመርሕዎ ህይወት ንኻልኦት ከድንቑን ክመስሉን ይፍትኑ። ገለ ሰብ ካብ ግዜ ቊልዑነቱ ከም ኣብነት ዝወሰዶ ሰብ ሓደ ክኸውን እንከሎ፡ ገለ ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜን ኣጋጣምን ዝተፈላለዩ ኣብነታውያን ሰባት ክህልዉዎ ይኽእል። ኣብ ህይወትና ኣብነታዊ ኮይኑ ዝስመዓና ሰብ፡ ብዘይካ እቲ ዘሎዎ ጸላዊ ዛንታን ዝገበሮ ኣበርክቶን፡ ነብስና ኣብ ውሽጢ ዛንታኡ ኣእቲና ክንርእየሉ እንኽእል ዓይነት ሰብ ክኸውን ኣለዎ። ተመራመርቲ ስነ ልቦና፡ "ኣርኣያ ወይ ኣብነታዊ ክኸውን ዝኽእል ሰብ፡ ብቑዕን ምሳና ትርጉም ዘሎዎ ተመሳሳልነት እንረኽበሉን ሰብ እዩ፡" ይብሉ። ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣራዕታ ዝዓበኹ ቈልዓ እንተ ኮይነ፡ ንኣይ ክትምስጥ እትኽእል ኣብነታዊ ሰብ፡ ተመሳሳሊ ብድሆታት ዝሓለፈትን ተመኲሮ ዘሎዋን ጓል ኣንስተይቲ እያ።

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ኲርናዕ ኤርትራ ተማሂረን ክዓብያ ሓያል ስራሕ ይካየድ እዩ። ኣብ ገጠራት ወይ ካብ ማእከላይ ቦታ ዝረሓቓ ዓዲ፡ ተማሂራ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሐት ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣብቲ ዝዓበይትሉ ቦታ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ከተሕድሮ እትኽእል ጽልዋ መዐቀኒ የብሉን። እዛ ጓል ኣንስተይቲ፡ ንኹሉ ብድሆታት መኪትካ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክብጻሕ ከም ዝከኣል ግብራዊት ኣርኣያ እያ። እዚ ከኣ ልዕሊ እቲ መዓልታዊ ወለድን መምህራንን ዝብሉዎ ሓቂ፡ ተኣማንን ጸላውን ይገብሮ። እዚ ጽልዋ፡ ኣብ ኮለጅን ዩኒቨርሲትን'ውን ይርአ እዩ። ተማሂረን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝቐጸላ ደቂ ኣንስትዮ ዘበዝሐ ዝመርጻኦ ዓውዲ ትምህርቲ፡ እቲ ብብዝሒ ደቂ ኣንስትዮ ፕሮፌሰራትን ዶካትርን ዝርከቦኦ ዓውዲ እዩ። ኣብ ዓውዲ ተክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቊጽርን ዝምህራ መምህራን እንተ ዘየልይን፡ በዚ ዓውዲ ክቕጽላ ዝተባብዓ ደቂ ኣንስትዮ ኣይህልዋን ወይ ውሑዳት ክኾና ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ፡ ከምቲ ንቈልዓ ካብ ዝፈርሖን ዘይተኣማመነሉን ንጥፈት ንምምእዛን ኣርኣያ ዘድሊ፡ እኹል ዕድመ፡ ትምህርትን ንቕሓትን ዘወነነ መንእሰይ ኣብ ምምእዛን'ውን ኣርኣያ የድሊ እዩ።

ኣብነታዊ ሰብ ብመገዲ ዛንታኡን ተመኲሮኡን ኣቢሉ፡ ብግብሪ ምትእምማን ዝፈጥር ዓይኒ ማይ ተስፋ እዩ። ኣብነታዊ ሰብ ብዘይካ እቲ ሕብረተሰብ ዝህቦ ትርጉም፡ ካብ ካልእ ሰብ ዝፈልዮ ረቛሒታት ኣሎዎ። ሓደ ካብቲ ረቛሒ፡ ዕላማኡ ብግብሪ ዘመስክር ስለዝኾነ እዩ። ሓደ ወይ ክልተ ግዜ ጥራይ ዘይኮነ ብተደጋጋሚ፡ ተስፋ ብዘይ ምቑራጽ፡ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ተጸሚዱ እንረኽቦ ዓይነት ሰብ እዩ። ካልኣይ መለለዪ ባህሪ ኣብነታዊ ሰብ፡ ተበግሶ ምውሳድ እዩ። ካብ ብምእዛዝ ብግብሪ ከርእይ ዝሰልጦ ዓይነት ሰብ እዩ። ኣብነታዊ ሰብ፡ ዝሓሰቦ ብግብሪ ናይ ምርግጋጽ ባህሪ ስለ ዘሎዎ፡ ዘበዝሐ ግዜ ካብ ሕልማዊ ህይወት ወይ ዝተደናገረ ህይወትን መንነትን ዝረሓቐ እዩ። ከረድእን ክበሃሃልን ዘይጽገም'ውን እዩ። ምኽንያቱ፡ ብግብሪ ኣርኣያ ምኳን፡ ንነገራት ብዕምቈት ክትርዳእ ዝያዳ ዕድል ስለ ዝፈጥር። ብተወሳኺ፡ ካብ ካልእ ሰብ ንላዕሊ ዓቃልን ልዑል ናይ ምስማዕን ምርዳእን ክእለት ዘሎዎን እዩ። ኣብ ትምህርቲ፡ ፍልጠት፡ ሞያን ተመኲሮን ልዑል ኣኽብሮት ኣሎዎ። ክብደት ስራሕ ዝርድኦ፡ ዘይከኣል ነገር ከም ዘየለ ዝተኣማመነ፡ ኣብ ሓባራዊ ስራሕን ምትሕግጋዝን ዝኣምን፡ ኣንነት ኣልቦን ለዋህን እዩ። እዚን ካልእን ባህርያት ምውናን፡ ኣገዳስን ንምርካቡ ከቢድን እዩ፣ በዚ ምኽንያት ከኣ'ዩ ኣብነታዊ ሰብ ከም ምሩጽ ዘርኢ ተሃራፊ ዝገብሮ።



## ጸላዊ ሰብ ኣብነታዊ ድዩ?

ግብራዊ ስራሕ ልዑል ናይ ምጽላው ክእለት ኣሎዎ፣ ስለዚ፡ ኣብነታዊ ሰብ ጸላዊ እዩ። ይኹን እምበር ኩሉ ጸላዊ ሰብ ኣብነታዊ ክበሃል ኣይከኣልን። ብፍላይ ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ጽልዋን ተፈላጥነትን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይርከብ ስለ ዘሎ፡ ጽልዋ ዘሎዎ ሰብ ኩሉ ኣብነታዊ ወይ እወታዊ ትሕዝቶ ኣሎዎ ክበሃል ኣጸጋሚ እዩ። ኣብዚ ዘመነ ተክኖሎጂን ማሕበራዊ መረኸቢታትን፡ 'ኣብነታዊ' ዝብል ቃል ሃሲሱ 'ጸላዊ' ዝብል ቃል ብኣጋንኖ ክንጥቀመሉ ንስማዕ ኣለና። ብግብሪ ከየርኣኻ፡ ከይሰራሕካን ከይጸዓርካን ጸላዊ ሰብ ክትኮነሉ ኣብ እትኽእለሉ እዋን ስለ ዘለና፡ ባህሪ ሰባት ኣብ ምምልማል በዳሂ ስራሕ ኮይኑ ይርከብ። ጸላዊ ሰብ፡ ትሕዝቶኡ ብዘየገድስ፡ ናይ ምምሃርን ምጽላውን ክእለት ስለ ዘሎዎ፡ ሳዕቤኑ ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብነታዊ ሰብ ምህናጽ ልዕሊ ካልእ ግዜ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ። ልዕሊ ኩሉ ነገር ግን ጸላዊ ዘበሃል ሰብ፡ ኣብነታውን ሓላፍነት ዝስከምን ኣብ ምግባሩ ካልእ ጸዕሪ ከም ዘድሊ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ።

ጸላዊ ሰብ ኣብነታዊ ምስ ዘይከውንከ?

ኣብ ኩሉ ሞያ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብነታውን ሓላፍነታውን ክትከውን ዘገድድ ማሕበራውን ትካላውን ባህሊ ኣሎ። ሰፊሕ ጽልዋን ዝርገሐን ኣብ ዘሎዎ ዓውዲ ስነ ጥበብ፡ ዓለምና ከተሻሩ ንርእያ ኣለና። ነዚ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር'ዚ ዘጓሃህር ከኣ መራኸቢ ብዙሓን፡ ብፍላይ ማሕበራዊ መራኸቢታት እዩ። ኣሉታዊ ጽልዋ ናይዘን ዘይሓላፍነታውያን ትካላትን ሰባትን ንውጋድ ዝለዓለ ንቕሓት ይሓትት። ይኹን እምበር ተሓታትነት ክህሉ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ቅነ'ዚ ዝተፈላለያ ሃገራት ማሕበራዊ መራኸቢታት ንትሕቲ ዕድመ ዝኽልክል ሕጊ ከተኣታቱዋ ጀሚረን ኣለዋ። ክሰዓብ ዘሎዎ ኣብነታዊ ስጉምቲ እዩ።

> "እቶም ናይ ትምህርቲ፡ ሞያን ተመኲሮን፡ ስልጣን ከይተረፈ፡ ክንረክብ ዕድል ዝረኸብና፡ ንመራሕቲ መጻኢ ወለዶ ኣብነታውያን ክንከውን ሓላፍነት ኣሎና።"
>
> - *Wangari Maathai*

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተሰሪዑ

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል 2025፡ ሰንበት 7 ታሕሳስ፡ ኣብ እንዳ ማርያም ኩሉን ዲቪዥናት ብዘሳተፋ ናይ መዳለዊ ጸወታ ክፍልም ምኽንያት፡ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

እዚ ውድድር፡ ድሕሪ ሰሙን ሰንበት 14 ታሕሳስ ክኣ፡ ሰሩዕ ውድድር፡ ካብ ሆቴል ሳንሻይን (ኢንሹራንስ) ተበጊሱ - ባር ቶሪኖ - ዳኒኤል ፋሲት ፋድ - ሲቲ ፓርክ - ሓወልቲ ሽዳ - ቤት ጽሕፈት ዲ.ኤች. ኤል - ሰናይ ላተሪያ - ባር ዘሊ. - ሓወልቲ ሽዳ ኣቢሉ ኣብ መበገሲ. ቦታ ኣብ ዝዛዘም ጸወታ ክካየድ እዩ። 19 ታሕሳስ'ውን፡ ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ኣብ ማይ ደምኑት ክቕጽል እዩ።

ሰንበት 21 ታሕሳስ ድማ፡ ኣብ ተመሳሳሊ. መስመር ሆቴል ሳንሻይን (ከባቢ. ኢንሹራንስ) መዛዘሚት ዕለት ተሰሪዑ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተቐዳደምቲ ማውንተን ባይክ ናይ ሻምፕዮን ውድድሮም፡ ጽባሕ ቀዳም ኣብ ከባቢ. ጸጸራት፣ 13 ታሕሳስ ክኣ፡ ኣብ ከባቢ. ሓሙሻይ መደበር ፖሊስ ክካይዱ እዮም።

## መሲ፡ ንጓርድዮላ "ዝበለጸ" ኢልዎ

ድንቂ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ - ሊዮኔል መሲ፡ ንናይ ቅድም ዓሰልጣኑ ፐፕ ጓርድዮላ፡ "ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ" ክብል ኣድኒቕዎ።

ጓርድዮላ፡ ኣብ 2008 ንባርሰሎና ክዕልማ መዚኡት ምስ ተቐበለ፡ ንጸለውቲ ተጻወትቲ ዝነበሩ ሮናልዲኖን ዴኮን ደፋር ውሳነ ብምውሳድ ካብ መሳርዕ ምዕላዩ ይዝከር። ኣብቲ እዋን ወዲ 21 ዓመት ንዝነበረ ሊዮኔል መሲ. ድማ፡ ምሉእ ኣቓልቦ ብምሃብ፡ ዕቑር ዓቕሙ ብዝዓበየ ክጥቀመሉ ሓጊዝዎ እዩ። ክሳብ 2012 ባርሰሎና ንኩዕሶ እግሪ ስጳኛን ኤውሮጳን ኣብ ዝዓብለለትሉን 14 ዓበይቲ ዋንጫ ኣብ ዝዓተረትሉን እዋን ከኣ፡ ቀንዲ ዓንዲ ናይ'ታ ጋንታ ነይሩ - መሲ።

እዚ ኣርጀንቲናዊ ምሸ'ታ ብሰፊሕ እተዘርጋሕ ኤኤስፒኤስ ዝበበሮ ቃለ-መሕትት እዩ፡ ብዛዕባ ጓርድዮላ ተዛሪቡ። "ንዓይ ጓርድዮላ ፍሉይ እዩ። ኣዝዮም ብሉጻት ዓለምቲ ኣለዉ፣ እንተኾነ፡ ንሱ ግን ፍሉይ ነገር ኣለዎ። ንዓይ ክኣ ልዕሊ. ኩሎም ዝበለጸ እዩ። ኣብ ባርሳ ምሳና ምንባሩ ዕድለኛታት ኢና።" ክብል ገሊጽዎ።

ጓርድዮላ፡ ንጸወታ ኣብ ምድኻውን ምስ ተጻወትቲ ዘለዎ ናይ ምብሃዝል ዓቕሚን 'ምሉእ' ምኽንያት ዝገለጸ መሲ፡ "ብጸወታቱ፡ ጥራይ ኣይኮንኩን ዝገረምኩ፡ ኣብ ዝኸዶ ቦታ ኣሰሩ ስለዝገደፍ እዩ። ኣብ ባየር ሙኒክ እውን ከምኡ። ወላ'ኳ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣይተዓወተ፡ ኣብ ጀርመን ዝጸወት ዝነበረ ቅዲ ቀይሩዎ እዩ። ንማን ሲቲ መሪሑ ድማ፡ ኣብ እንግሊዝ ተመሳሳሊ. ስራሕ ዓሚሙ።" ኢሉ።

እዚ እስጳኛዊ ዓሰልጣኒ፡ ኣብ ሰለስተ ወቕቲታት ምስ ሙኒክ፡ ንኩሉን ናይ ቡንደስሊጋ ሊግ ዋናጩ ኣልዒሉ እዩ። ኣብ 2016 ናብ ማን ሲቲ ካብ ዝገዓዘ ንደሓር ከኣ፡ ሽዱሽተ ፕሪመር ሊግን ሓንቲ ሻምፕዮንስ ሊግን ዝርከቦም ዛጊት 18 ዋናጩ ኣልዒሉ። እዚ ወዲ 54 ዓመት ኣሰልጣኒ፡ ዝሓለፈ. ወርሒ. መበል 1000 ግጥሙ ጸምቢሉ እዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ መሲ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ምስ ሃገሩ ተወሳኺ. ዓወታት ከመዝግብ ተተስፍዩ ምህላዉ. ሓቢሩ። ዋንጫ ዓለም ምዕዋት ግና፡ ኣዝዩ ከቢድ ምኽንያቱ እዩ ዝገለጸ። ኣርጀንቲና፡ ናይ ዓሚ ክብራ ንምዕቃብ ኢያ፡ ናብቲ ኣብ ሰለስተ ሃገራት - ኣመሪካ፡ መክሲኮን ካናዳን ዝቕየድ ዋንጫ ዓለም 2026 ከተምርሕ። ዕጫ ናይ'ዚ. ውድድር፡ ሎሚ ዓርቢ. ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ. ክወድቕ እዩ።




## "ናይ ዋንጫ ውድድር ፕሪመር ሊግ ተዛዚሙ እዩ" ኪን

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ - ሮይ ኪን፡ ናይ ዋንጫ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ከምዝተዛዘመ ተዛሪቡ - ድሕሪ'ቲ ቸልሲ. ብሊድስ ተሳዒራ ካብ መራሒት ኣርሰናል ብትሸዓት ነጥቢ. ምድሓራ።

እዚ ውድድር፡ ኣብ ማእከላይ ሰሙን ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ረቡዕ ምሸት፡ ኣርሰናል ንብረንትፎርድ ዓዲማ 2ብ0 ተዓዊታ። ቸልሲ. ግና፡ ካብ ትጸበት ወጻኢ. ብሊድስ ዩናይትድ 3ብ1 ተረቲዓ።

ቸልሲ፡ ዝሓለፈ. ሰንበት ምስ ኣርሰናል ብንደሎ ተጻወትቲ 1ብ1 ብምፍልላያ ተመጉሳ ኢያ፡ ብብዙሓት ወገናት እውን ንዋንጫ ኣብ ዝግበር ዘሎ ቅልስ ተወዳዳሪት ምኻና ተገሊጸ ነይሩ። ብቐደሚ ትማሊ. ብምስዓራ ግና፡ 'ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ፡ ቃናኣም ክቕይሩ ቀሲቦዮም ትርከብ።

ኣርሰናል፡ ኣብ ዝሓለፉ ሳምንቲ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣንጻር ናይ ለንደን መቐናቕንታ ቶተንሃምን ቸልሲን፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ከኣ፡ ኣንጻር ባየር ሙኒክ ከቢድ ግጥማት ስለዝነበራ፡ ኣዝዩ ክትፍተን ተጸቢታ ነይራ ኢያ።

ይኹን እምበር፡ ንቶተንሃም 4ብ1፡ ንሙኒክ 3ብ1 ክትረትዕን እንከሎ፡ ምስ ቸልሲ. 1ብ1 ተፈላልያ። ኣብታ ግጥም ወሳኒ. ተጻዋታይ ቸልሲ. ማይሰስ ካይሴዶ ብቀይሕ ካርድ ወጺኡ እንከሎ ክትረትዓ ዘይምኽኣላ፡ እቲ ሞንዕ ናብ ቸልሲ. እዩ ኣቐኒዑ። ቸልሲ. ግና፡ ረቡዕ ምሸት ባዕላ ክሳዳ ሓኒቓ ክበሃል ብዘኽእል፡ በታ ንኸይትወርድ ትቃለስ ዘላ ሊድስ ብምርትዓ፡ ንኣርሰናል ዓቢ. ዕድል ከፊታትላ።

ኣብ ዝተዓዘቡ ሓደ ካብ ተንተንቲ ናይዚ. ውድድር ሮይ ኪን፡ "እዚ. ሊግ ተዛዚሙ እዩ።" ክብል፡ ጌጋ ኩሉን ክለቦት፡ ንፍሲ. ወከፈን 24 ግጥማት ተሪፉወን እንከሎ፡ ኣርሰናል ዋንጫ ከምእተልዕል ብድፍረት ተዛሪቡ።

ጄሚ ካራገር ብወገኑ፡ "ኣርሰናል፡ ልዕሊ. ዝኾኑት ክለብ ኣዝዩ ብልጽቲ ኣላ። እንተኾነ፡ ማን ሲቲ ኸኣ ኣብ ውድድር ኣላ። ክሳብ ሕጂ ኣብቲ ዝበለጸ ብቕዓቶም ኣይተጻወቱን፡ ኣብ ቀረባ እዋን ግና ዘለዉ። ስለዚ. ነዊሕ መገዲ. እዩ ዘሎ።" ክብል፡ ሲቲ ምህላዋ ክዘንጋዕ ከምዘይብሉ ገሊጹ።

ዛጊት ካብ 14 ግጥማት ሓንሳብ ጥራይ ተሳዒራ ሸውዓተ ሽቶታት ጥራይ ከኣ ዝተመዝገባ ኣርሰናል፡ ብ33 ነጥቢ. መራሕነት ሒዛ ኣላ። ማን ሲቲን ኣስቶን ቪላን፡ ብቐደም ተኸተል ብሓሙሽተን ሽዱሽተን ነጥቢ. ተፈንቲተን ይስዕባ። ካልኣይቲ ዝቐጸት ቸልሲ፡ ብትሸዓት ነጥቢ. ድሒራ ራብዐይቲ ትርከብ።

ኣርሰናልን ኣስቶን ቪላን፡ ጽባሕ ኣብ ቪላ ፓርክ (ሜዳ ኣስቶን ቪላ) ኣብ ደረጃኣን ለውጢ. ከምጽእ ትጽበት ዝግበረሉ ወሳኒ. ጸወታ ይጸበየን።




## ኣርኖልድ፡ ን2025 ተፋንዩዋ

### ካማቪንጋ፡ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ

ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ - ትረንት ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ፡ ብሰንኪ'ቲ ረቡዕ ምሸት ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ድሮማይ ኣብዛ ናብ ምዝዛም ትኸይድ ዘላ ዓመት ክጻወት ከምዘይኽእል ተገሊጹ።

ኣርኖልድ፡ ኣብቲ ንኣትሌቲኮ ቢልባኦ 3ብ0 ዝሰዓረሉን ብማሊያ ማድሪድ ቀዳመይቲ ናይ ሽቶ ቀረብ ዝነበረሉን ናይ ሊግ ጸወታ እዩ፡ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ኣብ መበል 55 ደቒቕ ተቐይሩ ወጺኡ።




ብመሰረት ምንጪታት ክለብ፡ ዛጊት ወላ'ኳ ክሳብ መዓስ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ብልክዕ እንተዘይተፈልጠ፡ ኣብዛ ናይ መወዳእታ ወርሒ. 2025 ግና፡ ድሮማይ ኣይክጻወትን እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብታ ጸወታ ሽቶ ዘመዝገበ ኤድዋርዶ ካማቪንጋ'ውን ናይ ዓንካሪቶ መጉመይቲ ኣጋጢምዎ ተቐይሩ ወጺኡ እዩ። እዚ. ፈረንሳዊ፡ ኣብዚ. ወቕቲ ብሰንኪ.ተደጋጋሚ መጉዳእቲ፡ ብርክት ዝበሉ ግጥማት ከሲሩ እዩ። እዚ. ናይ ሕጂ ግና፡ ንሓጺር ግዜ ክኸውን ተተስፊያ ኣሎ - ሰንበት ንሴልታ ቪጎ እትዕድማን ካብ መራሒት ባርሰሎና ብሓንቲ ነጥቢ. ድሕሪራ ካልኣይቲ ዘላን ሪያል ማድሪድ።

## ማርቲነዝ፡ ብዛዕባ ኩነተ-ኣእምሮ ሮናልዶ...



ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል - ሮቤርቶ ማርቲነዝ፡ ንተጻዋታዩ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ፍሉይ ዝገበሮ 'ኩነተ ኣእምሮኡ/ኣተሓሳስባኡ' ምኽንያት ገሊጹ።

ዝመጽእ ዓመት ወርሒ. ለካቲት 41 ዓመት ዝመልእ ሮናልዶ፡ ናይ ድኻም ምልክት ከየርኣየ፡ ኣብ ክለቡ ኣል-ነስርን ሃገሩ ፖርቱጋልን ብቐጻሊ. እናተሰለፈ፡ ጸልዋኡ ይቕጽል ኣሎ። እዚ. ኣብ ፕሮፈሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ 954 ሽቶታት ኣመዝጊቡ ዘሎን 1000 ንምብጻሑ ዓሊሙ ኣብ ምጽዋት ዝርከብን ብርቂ ተጻዋታይ፡ ፍሉይ ኣተሓሳስባ ኣለዎ - ብመሰረት ዓለሚኡ።

ማርቲነዝ "ንዓይ ብዘይጥርጥር፡ ዓወታቱ ኣብ ቀጻሊ. ስርሑ ንዘለዎ ተወፋይነት ኣይቅይሮን እዩ። ሓደ ነገር ምስ እትዕወት፡ ኣብ ዝቕጽል ዕለት ናይ ዓወት ሸውሃትካ ይጎድል እዩ። ክሪስቲያኖ፡ ሰብ እዩ፣ ከም ተጻዋታይ ትማሊ. ብዘጋጠመ ዝኾነ ነገር፡ ሎሚ ኣይጸልዎን እዩ። ምስኡ ዝተፈጥረ ባህሪ እንተኾይኑ ኣይፈልጥን እዩ። ሎሚ ሃትሪክ (ሰለስተ ሽቶታት እንተኣመዝጊቡ) እንተሰሪሑ፡ ወይ ሽቶ እንተዘየመዝገበ'ውን ዕድላት እንተስሒቱ'ን ኣይግድሶን እዩ። ማዕረ'ታ ናይ መወዳእታ ፊሽካ ዝተነፍሓትላ እዩ ንቀጻሊ.ት ጸወታ ዝዳለወሉ። እዚ. ከኣ፡ ሓደ ካብቲ ንዌሕ ዓመታት ብብቕዓት ክጻወት ዝሓገዞ እዩ።" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝብሎ፡ ተጻዋታይ ጥሮታ ዝወጽእ፡ ኣካሉ ንኣእምሮ "ወዲአ እየ" ምስ ዝብሎ እዩ። ኣብ ሮናልዶ ከምዝተመዓዘብዎ ግና፡ ብኣንጻሩ እዩ። ኣእምሮ እዩ ንኣካሉ ዝውድኦሉ ግዜ ምኽንያት ዝኾነ። ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ተጻዋታይ ናይ ምኻን ዓቕሚ ኣለዎ። ብፍጹም ከም ናቱ ሸውሃት ርእየ ኣይፈልጥን።" ክብል ኣድኒቕዎ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ዓለሚ ሳንደርላንድ - ረጊስ ለ ብሪስ፡ ተጻወትቱ ብታክቲክ ብፍላይ ከኣ ዋሕዲ. ጸቕጢ. (Press) ተጻወትቲ ሊቨርፑል ከምዝተገረሙ ገሊጹ።

ንሱ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ሜዳ ኣንፊልድ ናይ ሊቨርፑል 1ብ1 ምፍልላዮም እዩ ዘይተጸበዩዎ ዋሕዲ. ጸቕጢ. ከምዝጸንሖም ገሊጹ።

ሰንበት ንዌስት ሃም 2ብ0 ብምስዓር ትንፋስ ዝመለሰት ሊቨርፑል፡ ማዕረ ብምውጻኣ ንህሉው ድኽም ቁመናኣ መሊሱ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ እዩ። ንዓለሚኣ ኣርነ ስሎት ከኣ፡ ኣብ ተወሳኺ. ወጥሪ ዘእቱ እዩ።

* ረቡዕ ምሸት መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ከይከውን ተሰጊኡ ዝነበረ ኣከፋፋሊ. ኣርሰናል - ደክላን ራይስ፡ ደሓን ምኻኑን ጽባሕ ቀዳም ኣንጻር ኣስቶን ቪላ ክሰለፍ ከምዝኽእልን ብምሕባሩ፡ ንደገፍቲ ናይ'ዛ ጋንታ እፎይታ ሂቡ። ንወሰንቲ ተኸላኸልታ ጋብሪኤልን ሳሊባን ከሲራ ዘላ ኣርሰናል፡ ኣብ ቦታኡ ዝጻወት መተኪ.ራ ኣብቲ ምሸት ስሪ መጉዳእቲ ስለዘወጸ፡ ኣብ ወጥሪ ኢያ ትርከብ። ብመጠኑ እናኣከፋፈለ ኑቲ መስመር ዝሽፍን ራይስ ምስ ዘይህልው ድማ፡ ዚያዳ ክትጉዳዕ ትኽእል ኢያ። ብሓፈሻ ኣብቲ ዓንዲ. ሕቖኣ ዝኾነ መስመር ዝሰለፉ ተጻወትታ ኣብዚ. ወሳኒ. እዋን ክምለሱዋ ብሃንቀውታ ኢያ ትጽበ ዘላ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዩክሬን፡ ኣንጻር ቋንቋ ሩስያ ዝቐንዐ ሓድሽ ሕጊ ኣጽዲቓ

ባይቶ ዩክሬን፡ ኤውሮጳዊ ቻርተር፡ ነቲ ቋንቋ ሩስያ ኣብ ገለ ዞባታትን ወሃሉዋት ኣባላት ዘለዎ ማሕበረ ሰብን ዩክሬን ንኽዝረብ ኣፍቂድዎ ዝጸንሐ ሕጊ ዝኣሊ ሓድሽ እማመ ከም ዘጽደቐ ተሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት፡ ዩክሬን፡ ቋንቋ ሩስያ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት፡ መራኸቢ ብዙሓን፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ መንግስታዊ ኣገልግሎታት ዝህብ ካልኦት ትካላትን ኢንዳስትሪታትን ከም ወግዓዊ ቋንቋ ከይዝረብ ከም ዝኸልከለት፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

ይኹን እምበር፡ ቋንቋ ሩስያ ብፍላይ ኣብ ምብራቓዊ ክፋልን ዓበይቲ ከተማታትን ዩክሬንን ከም ቀዳማይ ቋንቋ ኮይኑ የገልግል ምህላዉ እዩ ዝግለጽ።

ሚኒስተር ባህሊ ዩክሬን ታትያና በረዝናያ፡ እቲ ብባይቶ ናይ'ታ ሃገር ዝጸደቐ እማመ፡ ቋንቋ ዩክሬን ከም መንግስታዊ ቋንቋ ኮይኑ ንኸገልግል ባይታ ዘጣጥሕ ከም ዝኾነ ኣረዲኣ።



ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ማርያ ዛካሮቫ ብወገና፡ እቲ ብዩክሬን ኣንጻር ቋንቋ ሩስያ ዝጸደቐ ሓድሽ እማመ ኣንጻራዊ ወጽኢት ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቓ።

ሓደ ካብቲ ሞስኮ ኣብ ስምምዕ ሰላም ዩክሬን - ሩስያ ከም ቅድመ ኩነት ኣቕሪባቶ ዘላ ነጥቢ፡ ከየቛ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ተዛረብቲ ቋንቋ ሩስያ ዝኾኑ ሕብረተሰብ ኣንጻራቶ ዘላ ንሱብኣዊ መሰላቶም ዝግህስ ሕግታት ክትስርዝ ዝጠልብ ምዃኑ እዩ ዝሕበር።

## እስራኤልን ሊባኖስን ናይ ፈለማ ቀጥታዊ ዝርርብ ኣካይደን

እስራኤልን ሊባኖስን ከም ኣካል ናይቲ ብመንጎኝነት ኣመሪካ ዝጸሓኣ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ናይ መጀመርያ ቀጥታዊ ዝርርብ ከም ዘካየዳ ተሓቢሩ።

ሲቪላውያን ወከልቲ ክልቲአን ሃገራት፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ከተማ ናቁራ - ሊባኖስ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ዓቃብ ሰላም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዝተራኸባ፡ ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ኣፍሊጡ።

ኣፈኛ ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ናታንያሁ፡ ነቲ ዝተኻየደ ኣኼባ "ታሪኻዊ" ክትብል ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ክህሉ ንዝኽእል ምትሕብባር ባይታ ዘጣጥሕ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ምንባሩ ኣረዲኡ።

እቲ ቀጥታዊ ዝርርብ፡ ኣመሪካ ድሕሪ ኣብ'ተን ሃገራት ዘካየደቶ ጸቕጢ ክበጽሕ ከም ዝተኻእለ እዮም ምስቲ ጉዳይ ቀረባት ዘለዉ ወገናት ዝገልጹ።

ሕዝቡላህ፡ እስራኤል ኣብ ወሰመጥ ቃዛ ንእተካየዶ ዘላ ደማዊ ኩናት ንምቅዋም፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር መጥቃዕትታት ከም ዝጀመረ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ንልዕሊ ዓመት ዝቐጸለ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት እዩ ዝሕበር።



ኣብ 2024 ብመንጎኝነት ኣመሪካ፡ እስራኤልን ሕዝቡላህን ተጻብኦ ደው ከብልኦ እንተ ተሰማምዓ፡ ክልቲኦም ወገናት ግን ብጥሕሰት እቲ ስምምዕ ብተደጋጋሚ ኑሓድሕዶም ክወቓቐሱ ምጽንሖም፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብቲ ኣኼባ፡ እስራኤል፡ ሰራዊት ሊባኖስ ዘይኣምቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብ ምዕናው ትሕተ ቅርጺ ሕዝቡላህ ኣኽል ስጉምቲ ብዘይምውሳዱ ወቒሳ።

ሊባኖስ ብወገና፡ እስራኤል ኣብ መሬታ እተካይዶ ዘላ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ናብ "ሓድሽ ኩናት" ከምርሕ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቓ ኣላ።

እስራኤልን ሊባኖስን ኣብ 1983፡ ናይ መወዳእታ ቀጥታዊ ዝርርብ ከም ዘካየዳ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ትማሊ ሓሙስ ናይ ምሸት፡ ነፈርቲ ውግእ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ከም ዝደብደባ ተገሊጹ።

እቲ ደብዳብ ኽ ክቕጽል ምዃኑ'ውን እስራኤል ኣጠንቂቓ ኣላ።

## ዒራቕ፡ ንሕዝቡላህን ሑቲን ካብ 'ዝርዝር ኣስማት ገንዘቦም ዝደስከለ ጉጅለታት' ኣልያቶ

ዒራቕ፡ ቅሙጥ ገዝኡብ ናይ'ቶም ብኢራን ከም ዝድገፉ ዝለጹቶም ዕጡቓት ጉጅለታት ዝኾኑ ሕዝቡላህን ሑቲን ከም እተደስከል ዝገልጽ ሓበሬታ ግጉይ ምንባሩ ብምሕባር፡ ኣሰማት ናይ'ቶም ዕጡቓት ጉጅለታት ካብ ዝርዝር ኣሰማት ናይ'ቶም ቅሙጥ ገዝቦም ክደስከል ምዃኑ ዝተገልጹ ጉጅለታትን ኣካላትን ክእለ ምዃኑ ኣሕፈራ ኣሎ።

እቲ ኣቐዲሙ ብሓንቲ መንግስታዊት ጋዜጣ ናይ'ታ ሃገር ዝወጸ ግጉይ ሓበሬታ ብዙሕ ነቐፌታታትን ዘይምርድዳእን ከም ዝፈጠረ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እዚ ኣቐዲሙ ብጌጋ ዝወጸ ሓበሬታ፡ ብኣመሪካ ተቐባልነት ክረክብ ዝከኣሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል ምንባሩ እዩም ናይ ቀረባ ተዓዛብቲ ዝገልጹ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ መሓመድ ሺያ ኣል ሱዳኒ፡ ሃገሩ ብመሰረት ካብ ማሌዥያ ዝቐረበላ ምሕጽንታ፡ እቲ ናይ ምደስከል ስጉምቲ ኑቶም ምስ ኣልቃዒዳን እስላማዊ መንግስትን ምትሕሓዝ ዘለዎም ውልቀ ሰባት ጥራይ ዝምልከት ምዃኑ ኣረዲኡ ኣሎ።

ንሱ ወሲኹ፡ ምስቲ ግጉይ ሕትመት ቅርበት ዘለዎም ወገናት ነቲ ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ሓላፍነት ክወስዱሉ ምዃኖም ከኣ ገሊጹ ኣሎ።

ሕዝቡላህን ሑቲን፡ ኣብቲ ዛዕባ ኣመልኪቶም ዛጊት ዝኾነ ርእይቶ ኣይሃቡን ዘለዉ።

## ሜታ - ንትሕቲ ዕድመ ኣውስትራልያውያን ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ክስርዞም ጀሚሩ

ኩባንያ ቴክኖሎጂ ሜታ፡ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ኣውስትራልያውያን ቈልዑ፡ ካብ ከም ኢንስታግራምን ፈይስቡክን ዝኣመሰሉ ወግዓውያን ማሕበራዊ መራኸቢታቱ፡ ካብ ትማሊ ሓሙስ ጀሚሩ ሕሳቦቶም ክስርዝ ከም ዝጀመረ ተሓቢሩ።

በቲ ሓዲሽ ስጉምቲ፡ ኣስታት 150 ሽሕ ተጠቀምቲ ፈይስቡክ፡ ከምኡ'ውን ከባቢ 350 ሽሕ ዝኾኑ ተጠቀምቲ ኢንስታግራም ኣውስትራልያውያን ትሕቲ ዕድመ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንኽስርዝ ግዜን ስራሕን ከም ዘድልዩ ኣረዲኡ።

ብተወሳኺ፡ ከም ዩቱብ፡ ኤክስ፡ ቲክቶክ፡ ስናፕቻት፡ ሬዲት፡ ኪክን ትዊቸን ዝኣመሰላ ካልኦት ማሕበራዊ መራኸቢታት እውን በቲ እገዳ ከም ዝተጸልዋ ተፈሊጡ ኣሎ።

መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ



ክጽለዉ ትጸበት ከም ዘሎ ደማ ተገሊጹ።

ኣውስትራልያ፡ ትሕቲ ዕድመ ካብ ተጠቃምነት ማሕበራዊ መራኸቢታት ክእገዱ ዝወሰነት ናይ መጀመርያ ሃገር ምዃና እዩ ዝፍለጥ።

ኣውስትራልያ ካብ ዝመጽእ 10 ታሕሳስ ጀሚራ፡ ንትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ዜጋታታ ኣገልግሎት ክትህብ ዘፍቀደት ዝኾኑት ናይ ማሕበራዊ መራኸቢ ኩባንያ፡ ክሳብ 32.7 ሚልዮን ዶላር መቕጻዕቲ ክትወስዶ ምዃና ኣፍሊጣ ኣላ።

ኣፈኛ ኩባንያ ሜታ፡ እቲ ዓርሞሽሽ ናይ ቴክኖሎጂ ኩባንያ፡ ንሕሳብ ኩሎም ትሕቲ ዕድመ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣጽዲቕዎ ዘሎ እገዱ ኑቶም ቈልዑ ካብ ኣሉታዊ ጎድኒ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንምክልኻል ዝዓለመ ምዃኑ እኳ ይገልጽ እንተ ሃለወ፡ ነቲ ሓሳብ ዘይተቐበልዎ ገለ ወገናት ግና፡ እቲ እገዳ ኑቶም ንጹል ማሕበራዊ ህይወት ዝመርሑ ተጠቀምቲ ክጎድእ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቖም።

ካብ 10-15 ዓመት ዝዕድመኦም 96 ሚእታዊት ኣውስትራልያውያን ቈልዑ፡ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምዃኖም ጸብጻባት የመልክቱ።

## ማክሮን፡ ፈረንሳን ቻይናን ኣብ መንጎአን ንዘሎ 'ፍልልያት' ከጽብባ ጸዊዑ

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ኣብ ቁጠባውን ጂኦፖለቲካውን ምትሕብባር ዘተኮረ ዑደት ኣብ ቤጂንግ ኣብ ዘካይደሉ እዋን፡ ሃገሩን ቻይናን ኣብ መንጎአን ንዘሎ ፍልልያት ንምጽባብ ምስ ፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ ከም ዝዘተየ ተሓቢሩ።

ክልቲኦም መራሕቲ ሃገራት ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ቤጂንግ - ርእሰ ከተማ ቻይና ተራኺቦም፡ ኣብ ምቁራጽ ኩናት ዩክሬን - ሩስያን ዓለማዊ ቁጠባዊ ዘይምዕሩይነትን ዘተኮረ ሰፊሕ ዝርርብ ከም ዘካየዱ ተገሊጹ።

መዓልቦ ናይ'ቲ ኣብ ምጽባብ ፍልልያት ናይ'ተን ሃገራት ዝተኻየደ ዝርርብ'ኳ እንተ ዘይተፈልጠ፡ ማክሮን ዝርከቦም ብዙሓት መራሕቲ ሃገራት ኤውሮጳ ግና፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ግጭት ዩክሬን ንፌደረሽን ሩስያ ትሕግዝ ኣላ ክብላ ብተደጋጋሚ ክኸሳ ምጽንሐን እዩ ዝሕበር።

ፕረዚደንት ማክሮን፡ ናብ ስልጣን ካብ ዝድይብ ሕጂ ንራብዓይ ግዜኡ እዩ ኣብ ቻይና ዑደት ዘካይድ ዘሎ።

ክልቲኦም መራሕቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ሰፊሕ ዝርርብ፡ ኣብ ክልተኣዊ ወፍሪ፡ ንጽህናዊ ጸዓት፡ ዕቃብ ፓንዳን ካልኦት ዛዕባታትን ዘተኮረ 12 ናይ ምትሕግጋዝ ስምምዓት ከም ዝኸተሙ ተሓቢሩ።



ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ሚለንዩም | 5/12/25 | ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8ማይ ጭሆት ትሕቲ መሰጊድ | 07153448
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services